ቄልዓን ንጉስን ፥ ዝብሉዎ ይገብር
—ልጅና ንጉስ ፥ ያሉትን ያደርጋል

ቄሪሶም ዘብልዕዎ ፥ ኣሚቶም ዝኸድንዎ ፥ ንምስክር ኣይፀውዕዎ
—ቆርሰው ያበሉትን ፥ ለክተው ያለበሱትን ፥ ለምስክር አይጥሩት

ቀራናት ፈሪሔንስ ንጓዕማማት
—ቀንዳሞችን ፈርተው ጐማማዎችን

ቄርበት ብዕንጉለ ይምለጥ ፥ ጎራሕ በዘራርብኡ ይፍለጥ
—ቆዳ በእንቧይ ይመለጣል ፥ ብልጥ ባነጋገሩ ይታወቃል

ቄርበት ተበላሸወ ፥ ኣብምንታይ ? ኣብምስጣሑ ፥ ኣየምስጣሑን ኣብ ምጥባሑ
—ቁርበት ተበላሸ ፥ እምኑኃ ? ሲሰጣ ፥ ሲሰጣ አይደለም ሲወራረድ

ቄርበት ተኸዲንካ ዝብኢ ውኃእ
—ቆዳ ለብሰህ ጅብን ውኃ

ቄርበት እንድሕሪ ነቂፀ ፥ ስም እንድሕሪ ወፂኡ ፥ እቲ አይጥቕለል እቲ አይምለስ
—ቆዳ ከደረቀ ፥ ስም ከወጣ ፥ ያኛው አይጠቀለል ያኛው አይመለስ

ቋቑስያ ናብ ጥራጥ
—ቁቅም ፥ ከፈስ ተቆጠረች

ቋንጣ ብዕራይ ብርጉራኒ ፥ ቁና ዓተር ብሙኒ
—የበሬ ቋንጣ በመጥበስ ፥ ቁና አተር በአሹቅ

ቋምካ ተኸራኸር ፥ ዜርካ ተመሳኸር
—ቆመህ ተከራከር ፥ ዞረህ ተመሳከር

በ

በሃም ኣይመዓድ ፥ ዝሞተ ኣይፀዓድ
—ድዳ አይመከር ፥ አስከራን አይታዘዝ

በሃር ፥ የፀቢ ንዳሓር
—ግዙፍ ወደኋላ ያስቀራል

በለ ፡ ገበረ
—አለ ፡ አደረገ

በለለይ ፡ ፀይቐለይ
—ተናገርልኝ ማለት ፡ አበላሽልኝ

በለፀትያ ክብሉኒስ ፡ እንዳዕየን ቅበሩኒ
—በለጠች እንዲሉኝ ፡ አክሱም ዕየን ቅበሩኝ

በሊዐ እናገር ፡ ሐምቢስ እሳገር
—በልቼ እናገራለሁ ፡ ዋኝቼ እሻገራለሁ

በሊዑ ክብሉኻ ፡ ጥራሕ ማንካኻ
—በላ እንዲሉህ ፡ ማንኪያህን ባዶ

በሊዑ ዘይምርቐን ፡ ዕዳጋ ውዒሉ ዘይጥይቐን ሐደ
—በልቶ የማይመርቅ ፡ ገበያ ውሎ የማይጠይቅ አንድ ነው

በሊዓ በሊዓ ጨው የብሉን ፡ ከይዳ ከይዳ መግዲ የብሉን
—በልታ በልታ ጨው የለውም ሄዳ ሄዳ መንገድ የለውም

በሊዓ ትጠሚ ፡ ነዓይ ከተሕሚ
—በልታ ትራባለች ፡ እኔን ለማሳማት

በሊዕካ ተናገር ፡ ሐምቢስካ ተሳገር
—በልተህ ተናገር ፡ ዋኝተህ ተሻገር

በሊዕካ ከም አንበሳ ፡ ደቂስካ ከም ሬሳ
—በልተህ እደ አንበሳ ፡ ተኝተህ እንደ ሬሳ

በላሕ ካራስ ፡ ካብ ዓፅማ አይትሓልፍን
—ሹል ቢላ ፡ ከአጥንት አያልፍም

በላሕናያ ክብላስ ፤ ፃሕሊ ይዓጥና
—አወቅን ሲሉ ፡ የሸክላ ድስት ያጥናሉ

በላዒ ከሎ ፡ ዘራኢ ይሕጎስ
—በላተኛ እያለ ፡ ዘሪው ይደሰታል

በሰለ ንብላዕ ፡ በዕሐ ንዝራእ
—በሰለ እንብላ ፡ ደረሰ እንዝራ

በሰሮ ሰበይቲስ ፡ ውሻጠአ ዘይናታ ይመስላ
—ግልቱ ፡ ጓዳዋ የራሷ አይመስላትም

በሰሮ ፥ ፀብሓ ይጥዕማ
—ገልቱስ ፥ ወጢ ይጣፍጣታል

በርበረ ፥ ባዕልኻ ገዚእካዮ መረረ
—በርበሬ ፥ ራስህ ገዝተኸው ይፋጀል

በርበረ ፥ ባዕልኻ ገዚእካዮ ይልብልበካ
—በርበሬ ፥ ራስህ ገዝተኸው ይለበልብሃል

በርበረ አይኸውን ዕጣን ፥ ዘረባ አይኸውን ስልጣን
—በርበሬ አይሆንም እጣን ፥ ንግግር አይሆንም ስልጣን

በቐሊ መን አቦኻ ? እንተበልዎስ ፈረስ አኮይ በለ
—በቅሎ አባትህ ማነው ? ቢሉት ፈረስ አጎቴ ነው አለ

በቐሊ ተፀገበት ኣብ ህድሞ ትድይብ ፥ ሰበይቲ ተፀገበት ኣብ ርእሲ ትድይብ
—በቅሎ ከጠገበች ጣራ ላይ ትወጣለች ፥ ሴት ከጠገበች ራስ ላይ ትወጣለች

በቐሊ ቀይዳ በተኽት ፥ ንርእሳ ሓፀራ
—በቅሎ ማሰርያዋን በጠሰች ፥ ለራሷ አሳጠረች

በቐሊ ናብ ዘበለት ተብል ፥ ልጓም አፅንዕ
—በቅሎ ወደ ፈለገችበት ትበል ፥ ልጓም አጥብቅ

በቐሊ ኣብ ማእከል አፍራስ እንተኾነት ፥ ፈረስ ዝኾነት ይመስላ
—በቅሎ ፈረሶች መሃል ብትሆን ፥ ፈረስ የሆነች ይመስላታል

በቐሊ አኮይ ይብል ፥ ፈረስ ዘይግዳዱ
—በቅሎ አጎቴ ይላል ፥ ፈረስ ግን ግድ የለውም

በቐሊ ከምህዝባ ትሰግር ፥ ልኡኽ ዝበልዎ ይነግር
—በቅሎ እንደመሰሏ ትሰግራለች ፥ መልእክተኛ ያሉትን ይነግራል

በቐሊ ከምዝሰገርዎ ፥ ልኡኽ ከምዝነገርዎ
—በቅሎ እንደሰገሩት ፥ መልእክተኛ እንደነገሩት

በቐሊ ክትኮስ ፥ አድጊ ጠረጠ
—በቅሎ ሲተኮስ ፥ አህያ ፈሳ

በቐሊ ዘይብሉ ፥ አድጊ ይንዕቕ
—በቅሎ የሌለው ፥ አህያ ይንቃል

በቐሊ ዝጠፍአስ ፥ ኮርቻ አልሚሉ ደለየ
—በቅሎ የጠፋበት ፥ ኮርቻ አንስቶ ፈለገ

በብሃገሩ ብዙሕ ነገሩ ፥ በብነፍሱ ብዙሕ ባህሩ
—በያገሩ ብዙ ነው ነገሩ ፥ በየግሉ ብዙ ነው ባህሪው

በብሓደ ፥ ሰብ ወሓደ
—አንድ ባንድ ፥ ሰው ቀነሰ

በብወንዙ ፥ ብዙሕ መዘዙ
—በየወንዙ ፥ ብዙ ነው መዘዙ

በብዓዱ ፥ ብዙሕ መንገዱ
—በየአገሩ ፥ብዙ ነው መንገዱ

በቦኻ ተናገር ፥ ብሽምካ ተቐበር
—ባባትህ ተናገር ፥ በስምህ ተቀበር

በቦይ በቦኻ ፥ በአይ በአኻ ዝነበረ እዩ
—ባባቴ ባባትህ ፥ በራሴ በራስህ የነበረ ነው

በትረይ ሃበኒ ፥ ዘሕምቕ አለኒ
—ብትሬን ስጠኝ ፥ የማሸንፈው አለኝ

በትሪ ሓቂ ፥ ትቐጥን እምበር አይትስበርን
—የሐቅ ብትር ፥ ትመነምናለች እንጂ አትሰበርም

በትሪ አብ ኢድካ ፥ ተመን አብ እግርኻ በለት ወኻርያ
—ብትር በእጅህ ፥ አባብ እግርህ ስር አለች ቀበሮ

በትሪ አይተልዕል ዱላ ደኣ ፥ ስረ አይትዕጠቕ ሃደላ ደኣ ፥ እሞ አይትህደም አብኣ ደኣ
—ብትር አታንሳ ዱላ እንጂ ፥ ሱሪ አትታጠቅ ተነፋንፍ እንጂ ፥ ግን አትሸሽ እዛው ሁን እንጂ

በትሪ አይትርኤ ፥ ትሕቲ በትሪ ርአ
—ብትር አትይ ፥ ከብትሩ በታች እይ

በትሪ ፈሪሕና እምበር ፥ መውዓል አደ፟ታትናስ ንፈልጠ ኢና በለት ምራኽ
—ብትር ፈርተን ነው እንጂ ፥ የናቶቻችን መዋያማ እናውቀዋለን አለች ጥጃ

በትርን ክዳንን ፥ ብሰማይ ይወርድ
—ብትርና ልብስ ፥ ከሰማይ ይወርዳል

በዓለገ ሃብቲ እንተሓደሮ ፥ ወዲ ጭዋ አለቅሐኒ ኢሉ እንተዘሮ ፥ አሎኒን የብለይን ከይብሎሲ ፥ ቅድም ቀዳድም ተነፊሑ ሞተ ከም ከበሮ
—ባለጌ ቢበለፅግ ፥ የጨዋ ልጅ አበድረኝ ቢለው ፥አለኝ ወይም የለኝም እንዳይለው ፥ እንደከበሮ ተነፍቶ ሞተ

በዓለገ ቱፍ እንተበለ ፡ ናብ ክዳኑ
—ባለጌ ቢተፋ ፡ ልብሱ ላይ

በዓለገ አይትበል ዕጥንጥን ፡ ወዲ ጭዋ ቀጢኑ ነይቀጥን
—ባለጌ አትልከስከስ ፡ የጨዋ ልጅ ከስቶ አይከሳም

በዓለገ ክፈትወካስ ፡ ወዲ ሽርሙጣ ይብለካ
—ባለጌ ሲወድህ ፡ የሽርሙጣ ልጅ ይለሃል

በዓለገ ካብ ዝመኽሮ ፡ ወድ ጭዋ ዝሓሰቦ ይበልፅ
—ባለጌ ከሚመክረው ፡የጨዋ ልጅ የሚያስበው ይበልጣል

በዓል ሓምሳ ገምቦ ማይ ለመነ ፡ ዘይሓልፎ ዶ'ሎ ሓደ ቕነ
—ባለ አምሳ ገምቦ ውሃ ለመነ ፡ የማያልፍለት የለም ለአንድ ጊዜ

በዓል ሓደ ዓይኒ አይገስግስ ፡ በዓል ሓደ ብዕራይ አይለግስ
—ባለ አንድ አይን በማለዳ አይሂድ ፡ ባለ አንድ በሬ አይለግስ

በዓል ሓዲሽ መተርኣስ ፡ ኣብ መንገዲ ይትርኣስ
—ባለ አዲስ ትራስ ፡ መንገድ ላይ ይንተራሳል

በዓል መድሕን ይድሕን ፡ በዓል መጥሓን ይጥሕን
—ባለ መድን ይድናል ፡ ባለ ወፍጮ ይፈጫል

በዓል ሚስ ፡ ናይ ልቡ ይዛረብ
—ባለ ጠጅ ፡ የልቡን ይናገራል

በዓል ስሚሩ ዝኸበረ ፡ ያም ስሚሩ ዝሃጠረ የልቦን
—በአል ሽሮ የከበረ ፡ ጾም ገድፎ የወፈረ የለም

በዓል ቤት ከየእወየ ፡ ጎረቤት ኣይረድእን
—ባለቤት ካልጮኸ ፡ ጎረቤት አይረዳም

በዓል ነገር ፡ ኣብ መንገዲ ይናገር
—ሙግት ያለበት ፡ መንገድ ላይ ይናገራል

በዓል ነገር ፡ እንዳ ኸደ ይናገር
—ሙግት ያለበት ፡ እየሄደ ይናገራል

በዓል ነገር ካብ ዝኣትወካ ፡ በዓል ዕምሪ ይእቶኻ
—ነገር ይዞ ከሚመጣብህ ፡ በሰላም መጥቶ የሚሞት

በዓል ኣሓ ይሃድም ፡ በዓል ቆርበት ይዋጋእ
—ባለ ክብት ይሸሻል ፡ ባለ ቆዳ ይዋጋል

በዓል አመል ፥ ማይ ሰትዩ ይጠርጥ
—ዓመል ያለው ፥ ውሃ ጠጥቶ ይፈሳል

በዓል አመልስያ ፥ ጭብጦ ይልሕስ
—አመል ያለው ፥ ጭብጦ ይልሳል

በዓል አቦይ ብሽኡ ፥ ካብ ቁንጪ ሓኽልን መልሓጭን የውፅኡ
—እነ ጋሼ ብሽኡ ፥ ከቁንጫ ፍሪምባና መሳላጫ ያወጣሉ

በዓል አዴና ልበን ቀሊል ፥ ወዲ እናኽወልዳ ይብላ ዕልል ፥ ጓል እናኽ ትውለድ ይብላ ዝህልል ሓደው ዓሻ ክኽውን ሓደው ዘሊል
—እናቶች ልባቸው ቀላል ፥ ወንድ ሲወልዱ እልል ይላሉ ፥ ሴት ሲወልዱ ይሸማቀቃሉ ፥ ሞኝ ይሁን ፈዛዛ ሳያውቁ

በዓል ኢንታ ፥ መስቆርቆሪ
—እንኸን ያለው ፥ ይቆረቆራል

በዓል እንጌራኻ ክሕመ ፥ ናተይ ኢልካ ስማዕ
—ባልንጀራህ ሲታማ ፥ ለኔ ብለህ ስማ

በዓል እኽሊ ተፈርዛዚ ፥ በዓል ወርቂ ተቐበዝባዚ
—እህል ያለው ፈርዛዛ ፥ ወርቅ ያለው ቀበዝባዛ

በዓል እዚአ ዘይብል ፥ ዋንጫኻ አይስተያ
—የማነው ብሎ የማያመሰግን ፥ ከዋንጫህ አይጠጣ

በዓል ዘበን ዘይብላ ዘበን ከይትሓልፍሲ ፥ አንጭዋ ግምያ ትቹነን
—ባለ ጊዜ ሲጠፋ ፥ አይጥ ሽሩባ ተሰርታ ባለ ጊዜ ሆነች

በዓል ገምቦ ሜስ ፥ ማይ ለመነ
—ባለ ገምቦ ጠጅ ፥ ውሃ ለመነ

በዓል ገዛ እንተሓፈረ ፥ ጋሻ ይጋብዝ
—ባለ ቤት ቢያፍር ፥ እንግዳ ይጋብዛል

በዓል ጋራኻ መሓል ክብለካስ ፥ ንበዓልቲ ቤትካ አበስራ
—ባለ ጋራህ ማልልኝ ሲልህ ፥ ለባለቤህት የምስራች ንገራት

በኹሪ ወዱ ዘይሞቶን ፥ ንጉስ ዘይቀዕያን ብበሊሑ ይኑበር
—የበኩር ልጅ ያልሞተበት ንጉስ ያልቀጣው እንደልቡ ይኖራል

በኹሪ ወዱ ዘይሞቶን ፥ ንጉስ ዘይገበቶን ብበሊሑ ይኑበር
—የበኩር ልጅ ያልሞተበት ፥ ንጉስ ያልወረሰው እንደልቡ ይኖራል

በዚ ጊዜ እዚ ካብ ብእግሩ ዝኸይድ ፡ ብኢዱ ዝኸይድ ይቕልጥፍ
—ባሁኑ ጊዜ በእግሩ ከሚሄድ ፡ በእጁ የሚሄድ ይፈጥናል

በዚ አዋጅ ይንገር ፡ በዚን ከአ ዕዳጋ ይብዝበዝ
—በዚህ አዋጅ ይታወጃል ፡ በዚህ ገበያ ይበዘበዛል

በዚአ እንተ ኾድኩም መርዓዊ ይሞተኩም ፡ በዚአ እንተኾድኩም ሕጊ ይፈርሰኩም
—በዚች በኩል ከሄዳችሁ ሙሽራ ይሞትባችኋል ፡ በዚች በኩል ከሄዳችሁ የሙሽሪት ህግ ይጠፋል

በየናይ አእጋር በየናይ አሰጋጋር ፡ በለ ድውይ
—በየትኛው እግር በየትኛው አሸጋገር ፡ አለ ድውይ

በይኑ ዝሙግት ፡ ዝረትየ የብሉን
—ለብቻው የሚሟገት ፡ የሚረታው የለም

በይኑ ዝበልዕ ፡ በይኑ ይመውት
—ብቻውን የሚበላ ፡ ብቻውን ይሞታል

በይኑ ዝጎዱ ዝቕድሞ የብሉ ፡ በይኑ ዝሙግት ዝረትየ የብሉ
—ብቻውን የሚሮጥ የሚቀድመው የለ ፡ ብቻውን የሚሟገት የሚረታው የለ

በይነይ ዝብል ፡ በይኑ ይመውት
—ብቻየን የሚል ፡ ብቻውን ይሞታል

በደል ፤ ዋና ስኢና ትነብር
—በደል ፡ ባለቤት አጥታ ትኖራለች

በዲኡ ዝቐንአን ፡ ኣብ እምኒ ዝተቐመጠን ፡ እናፀንሐ ይቕርቁር
—በናቱ የቀናና ፡ ድንጋይ ላይ የተቀመጠ እያደር ይቆረቁረዋል

በዲዶ ፡ ንሱ'ንድዩ ዝቀደዶ
—ፈንጣጣ ፡ እሱ ነው የበሳሳው

በጃኺ ዝበሉዋ ጐረቤት ፡ ትኸውን ዋና ቤት
—እባክሽን ያሉዋት ጐረቤት ፡ ትሆናለች ባለቤት

በጊዕ ፡ እንተዘይ በላዕኩኺ ትበልዕኒ ፡ በለ ዝብኢ
—በግ ፡ ባልበላሽ ትበይኝ ፡ አለ ጅብ

በፅሒ ቆሳ ፡ ንሓደ ዓመት
—የቆላ ጐረምሳ ፡ ላንድ ዓመት

ቡን ዘይብሉ ፉቾራ ፡ ስዋ ዘይብሉ ወፈራ ፡ ሕሩጭ ዘይብሉ ቦኽራ፡ተአ
ኪብካ ቦኽራ
—ቡና የሌለው ፉቅራ ፡ ጠላ የሌለው ዳቦ ፡ ዱቄት የሌለው ቋት፡ተያይዘ
መቦዘን ነው

ባህ አይበልክን ሰብ ሞቕሎ ሞጎጎ፡ ወዮ ክንስንክቶ ዝበልናዮ ግዒትናዮ
—ደስ አይበላችሁ ባለ ምጣዶች ፡ ልንጋግረው ያሰብነውን አገነፋነው

ባህ ክብላ ልባ ፡ ዕብሓላ ዱባ
—ደስ እንዲላት ፡ የዱባ ወጥ አቅርበላት

ባልደንጓ ከይተሰበረ ፡ ሰብ ከይተቐበረ አይትእመን
—ባቄላ ሳይቀነጠስ ፡ ሰው ሳይቀበር አትመን

ባርያ ባርያ ድሕሪ ተባህለ ፡ ሓብሓባን ነይተአርየ
—ባርያ ባርያ ከተባለ ፡ ሃብሃብ አልተለቀመም

ባርያ ብመልሓሱ ፡ ከልቢ ብመላልሱ
—ባርያ በምላሱ ፡ ውሻ በጭራው

ባርያ ብሸኾናኡ ፡ ከልቢ ብጭራኡ ይልለ
—ባርያ በተረከዙ ፡ ውሻ በጭራው ይለያል

ባርያ ብዘረባኡ ፡ ከልቢ ብጭራኡ
—ባርያ ባንጋጉ ውሻ በጭራው

ባርያ ተሸይጠ ኢሉ ይሓዝን ፡ ሸያጥ ባርያ ገንዘብ ውሒዱኒ ኢሉ ይቕዝን
—ባርያ ተሸጥኩ ብሎ ያዝናል ፡ ሻጩ ገንዘብ አነሰኝ ብሎ ይተክዛል

ባርያ እንተቐይሐ ፡ ዘረባ እንተበዝሐ ፡ እቲ የጋጊ እቲ የዳዲ
—ባርያ ቢቀላ ፡ ንግግር ቢበዛ ፡ ያኛው ያሳስታል ያኛው ያደናግራል

ባርያ እንተዘይሰረቐ ፡ ሰማይ እንተዘይፈለቐ
—ባርያ ካልሰረቀ ፡ ሰማይ ካልፈለቀ

ባርያ ጥቁር ይኹን ፡ ዘረባ ፅኑዕ ይኹን
—ባርያ ጥቁር ይሁን ፡ ንግግር ፅኑ ይሁን

ባርያስ ሓጋዚታ እንተረአየት ፡ መዲዳ ትሓብእ
—ባርያ አጋዥዋን ስታይ ፡ መጅዋን ትደብቃለች

ባሮት ሓገዙ ነእዱግ ፡ ቁላው ሓገዙ ንባሮት
—ባሮች አህዮችን ረዱ ፡ ልጆች ባሮችን ረዱ

ባእሲ ክልተ ጀልባ ፡ መጥፍእ ነጋዳይ
—የሁለት ጀልባዎች ጥል ፡ ነጋዴውን ለማክሰር

ባዕሉ መዚኡ ሳንቡእ ዘይሃቡዎስ ፡ ልኢኹ እግሪ ሃቡኒ ይብል
—ራሱ መጥቶ ሳንባ ያልሰጡት ፡ ሰው ልኮ እግር ስጡኝ ይላል

ባዕሉ ዝመፀ ፡ ከይፀገበ ወፀ
—ራሱ የመጣ ፡ ሳይጠግብ ወጣ

ባዕሉ ዝኣመነ ምስክር ኣየድሊ ፡ ካብ ሱሩ ዝመንመነ ምሳር ኣየድሊ
—ራሱ ላመነ ምስክር አያስፈልገው ፡ ከስሩ የመነመነ መጥረቢያ አያስፈልገው

ባዕላ መምዕኢት ደርፊ ፡ ባዕላ መጥፍኢት ደርፊ
—ራሷ ዘፈን ታወጣለች ፡ ራሷ ዘፈን ታጠፋለች

ባዕላ መቲራቶ ተሓንቀት ፡ ባዕላ ሰትያቶ ተሰርነቐት
—ራሷ ከትፋው ታነቀች ፡ ራሷ ጠጥታው ትን አላት

ባዕላ ሰቒላቶ ረሓቐ ፡ ባዕላ ሰንኪታቶ በሓቐ ፡ ቀደም ከይትሕዞ ብጥንቃቐ
—ራሷ ሰቅላው ራቀ ፡ ራሷ ጋግራው ሊጥ ሆነ ፡ ቀድመውኑ በጥንቃቄ ስላልያዘችው

ባዕላ ሰንኪታቶ ኣይበሰለን ፡ ባዕላ ወሊዳቶ ኣይመሰለን
—ራሷ ጋግራው አልበሰለም ፡ ራሷ ወልዳው አልመሰለም

ባዕላ በሊዓቶ ተሓናቒት ፡ ባዕላ ሰትያቶ ተሰርናቒት
—ራሷ በልታው ታነቀች ራሷ ጠጥታው ትን አላት

ባዕላ ዝሰበረቶ ፃሕሊ ፡ ሓዚባ ከምዘንበረቶ
—ራሷ የሰበረችው ድስት ፡ አጥባ እንዳስቀመጠችው

ባዕልኹም ትትርጉሙ ፡ ባዕልኹም ትድርግሙ
—ራስዎ ይተረጉማሉ ፡ ራስዎ ያጠፋሉ

ባዕልኻ ናእዳ ፡ ማይ ዘንገዳ
—ራስን ማመስገን ፡ የዘንጋዳ ውሃ

ባዕዲ ካብ ዝስዕመካ ፡ ዘመድካ እንተጨልገመካ ይሓይሽ
—ባዳ ከሚስምህ ፡ ዘመድ ቢመታህ ይሻላል

ባይቶ ብመኣዝንቲ ፡ ዓበይቲ ብመቒረንቲ
—ሸንጎ በማእዘን ፡ ሽማግሌዎች በማገናኘት

ባይቶ የመሐድር ፡ አደባባይ ይኹምር
—ሸንጎ ያስተዳድራል ፡ አደባባይ ይከምራል

ባዶን ፀልማትን ፡ ሐደ
—ባዶና ጨለማ ፡ አንድ ነው

ቤተ ክርስቲያን ተኳሲ ፡ ዕርቂ አፍራሲ
—ቤተክርስቲያን ተኳሽ ፡ እርቅ አፍራሽ

ቤተ ክርስቲያን ትብል ዕግዕ ዕግዕ ፡ ክትፀድቆዶ ደልያ ደይ ክተዘንግዕ
—ቤተክርስቲያኑን ጠጋ ጠጋ የምትለው ለመፅደቅ ሳይሆን ለማዘና ጋት ነው

ቤተክርስቲያን ንሰጋዲ ፡ ዕዳጋ ንመርፊዲ
—ቤተክርስቲያን ለሰጋጅ ፡ ገበያ ለአርፋጅ

ቤተ ክርስቲያን ዝፀልአ ተፀይሩ ፡ መንግሥቲ ዝፀልአ ተኣሲሩ
—ቤተ ክርስቲያንን የጠላ ተሸክመው ፡ መንግስትን የጠላ አስረው

ቤት ምስ ጉልላቱ ፡ ሐውር ምስ መኣዝንቱ
—ቤት ከነጉልላቱ ፡ አጥር ከነማእዘኑ

ቤት ብመኣዝንቲ ፡ ዓይበት ብመቕረንቲ
—ቤት በማእዘን ፡ ዳውላ በማሰሪያ

ቤት ብዘይ ሰዘይቲ ፡ ደምበ ብዘይ ኩብቲ ኣይመውቕን
—ቤት ካለሴት ፡ በረት ካለከብት አይሞቅም

ቤት ንዘይብሉ ቤት ይሃቦ ፡ ብቕረባ ኪዕዘቦ
—ቤት ለሌለው ቤት ይስጠው ፡ በቅርብ እንዲታዘበው

ቤት ዘይብሉ ሃርጋፍ ፡ አቦ ዘይብሉ ዘጋፍ
—ቤት የሌለው ሆዳም ፡ አባት የሌለው ጐፈሬ

ቤት ገደፍ ፡ ውፍ ነደፍ
—ቤቱን የተው ፡ ወፍ የመታ

ቤትካ ፡ ምስ ዘማቲኣ ዝመታ
—ቤትህ ሲዘረፍ ፡ አብረህ ዝረፍ

ብሆይ ማርያም ዘምፃእናያ እንጀራ ፡ ይበልዓኣ አለዋ አብኡ ዘይነበራ
—በስመ ማርያም ያመጣናትን እንጀራ ፡ ያልደከሙ እየበሉዋት ነው

ብለምለም መልሓሰይ ፡ ዳንዴር በላዕኩሉ ከርሰይ
—በለምለም ምላሴ ፡ ኮሸሽላ በላሁበት ከርሴ

ብለምለም ዳስ ፡ ብኽበሮ ለጋስ
—በለምለም ዳስ ፡ በከበሮ ለጋስ

ብላዕ በሎ ፡ ከምዘይበልዕ ግበሮ
—ብላ በለው ፡ እንዳይበላ አድርገው

ብላዕ ብላዕ ነየብልዓካ ፡ እንትርፎ ፀብሒ ጥሚሙካ
—ብላ ብላ ማለት አያስበላም ፡ ወጡ ካልጣፈጠ በቀር

ብላዕ ንኽርስኻ ፡ ፍረድ ንነብስኻ
—ብላ ለከርስህ ፡ ፍረድ ለነፍስህ

ብላዕ እንተዝብለኒ ፡ ከም አቦይ ምቆማመጠኒ በለ ወዲ ድውይ
—ብላ ቢለኝ ፡ እንደ አባቱ በቆማመጠኝ አለ የድውይ ልጅ

ብላዕ ዘይበልዎስ ፡ ፅብሑለይ ይብል
—ብላ ያላሉት ፡ ወጥ ጨምሩኝ ይላል

ብላዕ ዝበሎ ተሰንኪቱ ይፀንሐ ፡ ተሰከም ዝበሎ ተጠሚሩ ይፀንሐ
—ብላ ያለው ተጋግሮ ይጠብቀዋል ፡ ተሸከም ያለው ታስሮ ይጠብቀዋል

ብላዕ ዝበሰለ ፡ ተዛረብ ዝመሰለ
—ብላ የተበሰለ ፡ ተናገር የመሰለ

ብላዕ ፡ ደም ብላዕ
—ብላ ፡ ደም ብላ

ብላይ አይተሓፀብ ፡ ወርቂ አይፀብፀብ
—አሮጌ ልብስ አይታጠብ ፡ ወርቅ አይቆጠር

ብልሒ ከም መላፀ ፡ ሓይሊ ከም ፃፀ
—ስለት እንደምላጭ ፡ ሃይል እንደ ጉንዳን

ብልዒ ሓላፊ ፡ ስም ተራፊ
—መብል አላፊ ፡ ስም ተራፊ

ብልዒ ሕማቕ ይዝሓለለይ ፡ ምስክር ሕማቕ ይምሓለለይ
—የሰነፍ ምግብ ይቀዝቅዝልኝ ፡ የሰነፍ ምስክር ይማልልኝ

ብልዒ መርዓት ፡ በሊዐዶ ዝኸይድ ኮይነ
—ብይ ሙሽሪት ፡ ምግብ በልቼ የሚሄድ ነኝ ወይ

ብልቢ ኣሚንካ ብኣፍ ክሒድካ ከም ጴጥሮስ ፡ ብኣፍ ኣሚንካ ብልቢ ክሒድካ ከም ይሁዳ
—እንደ ጴጥሮስ በልብህ አምነህ በአፍህ ክደህ ፡ እንደ ይሁዳ በአፍህ አምነህ በልብህ ክደህ

ብሑቕ ፡ የብዕሕ ናብ ርሑቕ
—ሊጥ ፡ ያደርሳል ከሩቅ

ብሓለቓኻ ተኣዘዝ ፡ ብቀሽኻ ተናዘዝ
—በአለቃህ ታዘዝ ፡ በቄስህ ተናዘዝ

ብሓሶት ወሳዲኻ ፡ ፀላኢኻ
—ዋሽቶ የሚወስድብህ ፡ ጠላትህ

ብሓሶት ዝፈረደ ፡ ዕውር ወለደ
—በሃሰት የፈረደ ፡ ዕውር ወለደ

ብሓቂ ምፃእ ፡ ብኣፍደገ ውፃእ
—በሃቅ ና ፡ በደጃፍ ውጣ

ብሓቢ ፀሊም እተጠብሰ ስጋ ፡ ንበላዒኡ መረር ንሰማዒኡ ኣስተንከሮ
—በኮሶ የተጠበሰ ስጋ ፡ በዱውን አቃጠለው ፡ ሰሚውን አስገረመው

ብሓዊ ወሐለ ፡ ቆራይ ሽሙ
—የእሳት ባለሞያ ፡ ስሙ ዱሽ ነው

ብሓደ ሰነ እተተኽለ ፡ ብሸውዓተ ሰነ ነይተነቐለ
—በአንድ ሰኔ የተተከለ ፡ ሰባት ሰኔ አይነቀልም

ብሓደ ሰነ እተነቐለ ፡ ብሸውዓተ ሰነ ነይተተኽለ
—አንድ ሰኔ የተነቀለውን ፡ ሰባት ሰኔ አይተክለውም

ብሓደ እተፀምዱ ፡ ብሓደ ይፍትሑ
—አብረው የተጠመዱ ፡ አብረው ይፈታሉ

ብሓደ ካብ ጠሓንካ የልቦን እመቤት ፡ ብሓደ ካብ በላዕካ የልቦን ሓረጎት
—አብረው ከፈጩ የለም እመቤት ፡ አብረው ከበሉ የለም ዳረጎት

ብሓደ ወገን ተዛረቦ ፡ ብሓደ ወገን ተላዘቦ
—በአንድ በኩል ተናገረው ፡ በአንድ በኩል ተማከረው

ብሓደ ዕፃ ፡ ኩላ ተበፃቢ
—በአንድ እጣ ፡ ሁሉም ተበጠበጠ

ብሓፀይ ይሙቱ ዝተኽተረ ፡ ብስሕለት ዝተመተረ
—በአፄ ይሙቱ የተዘረፈ ፡ በስለት የተመተረ

ብሕማም ዝማህመነ ፡ ብቓሉ ዝተኣመነ
—በህመም የመነመነ ፡ በቃሉ ያመነ

ብሕማቕ ዓሳ ላም ትውቃዕ ፡ ብሕማቕ ዳኛ ቅኑዕ ይርታዕ
—ላም ትመታለች በሰነፍ እረኛ ፡ ሃቀኛ ይረታል በሰነፍ ዳኛ

ብሕማቕ ዓሳ ፡ ከብቲ ይህረማ
—በሰነፍ እረኛ ፡ ከብቶች ይመታሉ

ብማዕዶ ዝንቁ ከልቢ ፡ ኣይነክስን'ዩ
—ከማዶ የሚጮህ ውሻ ፡ አይናከስም

ብማይ ተመርዐኻያ ሰበይቲ ፡ ብስዋ ተመርዐኻያ ሰበይቲ
—በውሃ ተገባች ሚስት ፡ በጠላ ተገባች ሚስት

ብማይ ጨሎት ዝዓበየ ቄልዓስ ፡ ወዲ ሓትነይ ኢሉ ውሕጅ ወሰዶ
—በጠበል ያደገ ልጅ ፡ ያክስቴ ልጅ ብሎ ጐርፍ ወሰደው

ብማይ ፀባ ዝሰኸረ ፡ ብኻሕሳ ዝኸበረ የልቦን
—በአጓት የሰከረ ፡ በካሳ የከበረ የለም

ብምራኹ እትፈልጦ ብዕራይሲ ፡ ዓት እምበር ዓ አይትብሎን
—በጥጃነቱ የምታውቀውን በሬ ፡ ውስ እንጂ ሃይ አትለውም

ብረትን ምረትን ፡ ሰብን ስሕተትን አይጋደፉን
—ብረትና ዝገት ፡ ሰውና ስህተት አይለያዩም

ብርስን ተመራሪ ፡ ሰበረ ሰባሪ
—ምስር ተመራሪ ፡ ጓያ ሰባሪ

ብርቱዕ ቁሪ ፡ ምስ ፀላኢኻ የተሓቋቕፍ
—ሃይለኛ ብርድ ፡ ከጠላት ጋር ያስተቃቅፋል

ብርቱዕ ክረምትን ፡ ብርቱዕ ወላድን ፡ ሓድጊ ከይሓደጉ አይተርፍን
—ሃይለኛ ክረምትና ፡ ሃይለኛ ወላጅ ፡ ቅሪት ሳይተዉ አያልፉም

ብርቱዕ ፍቕሪ ብርቱዕ ዕልኢ ይወልድ ፡ ብርቱዕ ዕልኢ ብርቱዕ ፍቕሪ ይወልድ
—ሃይለኛ ፍቅር ሃይለኛ ጥል ይወልዳል ፡ ሃይለኛ ጥል ሃይለኛ ፍቅር ይወልዳል

ብርቱዕን ርቱዕን
—ብርቱና ርቱእ

ብርናሃዮ ፡ መማልእቲ ዋህዬ
—አመድማዶ ፡ የአቁማዳ መሚያ

ብርኩታ ከም ሓብታ ፡ ኣብ ውሽጣ እምኒ ኣላታ
—ብርኩታ እንደ እህቷ ፡ ከውስጧ ድንጋይ አለቻት

ብርኪ የብሩኽ ፡ ዓቐበት የዳርኽ
—ጉልበት ያምበረክካል ፡ ዳገት ያስድሃል

ብርኪ የባርኽ ፡ ዘንጊ የባትኽ
—ጉልበት ያምበረክካል ፡ ዘንግ ያማታል

ብርኪ ጎያይት ፡ ዓይኒ ተሃካይት
—ጉልበት ይሮጣል ፡ አይን ይለግማል

ብሰለስተ እተዓርቁ ፡ ብዕርቂ ዝሓቐቐ
—በሶስት የታረቀ ፡ በሪህ የማቀቀ

ብሰማይ እተሰርዐ ፡ ብምድሪ ተሰርዐ
—በሰማይ የተፈረደ ፡ በምድር ተፈረደ

ብሰብሰብ ዝሓዝዎ ፡ ኣብ ዝደለዩ የብፅሕዎ
—በሰው ሰው የያዙትን ፡ ወደሚፈልጉት ያደርሱታል

ብሰበቡ ፡ መዓት ሰማይ ተሳሕቡ
—በሰበቡ ፡ የሰማይ መአት ተሳቡ

ብሰንኪ ንቐፅ ፡ ይነድድ ርሑስ
—በደረቁ አበሳ ፡ እርጥብ ይነዳል

ብስም ዝብኢ ኣይትውግኢ ፡ ብስም እንጌራ ኣይትብልዓኒ
—በስመ ጅብ አትውጋኝ ፡ በስመ እንጀራ አትብላኝ

ብስምዒ እተጣበቐ ስኒ ፡ እንተበላዕካሉ ኣየድቅቕ ፡ እንተስሓቕካሉ ኣየድምቕ
—በሰም የተጣበቀ ጥርስ ፡ ብትበላበት አያደቅ ፡ ብትስቅበት አያደምቅ

ብስእነታ እንተቐጠነትስ ፡ ኣነ ቀጣን ጓል ቢላ ተዝምር
—አጥታ የከሳች ፡ እኔ ቀጭኒት ብላ ትፎክራለች

ብሸብሸቦኡ ዝወጠጥዎ ፡ ናብ ዝደለዩ ይወስድዎ
—በሽብሽቡ የሳቡት ፡ ወደ ፈለጉት ይወስዱታል

ብሹምካ ተኣዘዝ ፡ ብቐሽኻ ተናዘዝ
—በሹምህ ታዘዝ ፡ በቁስህ ተናዘዝ

ብሻማኻ ተቐበር ፡ ብናይ አቦኻ ተናገር
—በሸማህ ተቀበር ፡ በአባትህ ተናገር

ብሽማግለ እተዓርቀ ፡ ብማይ ዝደረቐ
—በሽማግሌ የታረቀ ፡ በውሃ የደረቀ

ብሽንቲ አናፀ እተነድቀ መንደቐ ፡ ብድምፂ ደማሙ ይፈርስ
—በአይጦች ሽንት የተሰራ ግድግዳ ፡ በድመት ድምፅ ይፈርሳል

ብቐትሩ ዝነቀወ ዝብኢስ ፡ አየሕድረናን
—በጊዜ የጮኸ ጅብ ፡ አያሳድረንም

ብቐማል አይሓርሱ ፡ ብዕላል አይነግሱ
—በቅማል አያርሱ ፡ በወሬ አይነግሱ

ብቐድሚት አፃውቶ ፡ ብድሕሪት ዝመቶ
—ከፊት አጫውተው ፡ ከኋላው ዝረፈው

ብቐልዓ አማኻኒኻ ፡ ግጥም ንርእስኻ
—በልጅ አመካኝተው ፡ ግጥም ለራሳቸው

ብቐልዓኻ ፀሎት ፡ ውሰደኒ ማለት
—በልጅነትህ ፀሎት ፡ ውሰደኝ ማለት

ብበቐሊ ዝነገሰ ፡ ብአፉ ዝለገሰ
—በበቅሎው የነገሰ ፡ በአፉ የለገሰ

ብበትሩ አይውቃዕ ፡ ብዘመዱ አይርታዕ
—በብትሩ አይመታ ፡ በዘመዱ አይረታ

ብባሕሪ ስራሕ አሎ ፡ ብጎንደር ስርዓት አሎ
—በባሕር ስራ አለ ፡ በጎንደር ስርአት አለ

ብቤተሰብካ ተገነዝ ፡ ብቐሽኻ ተናዘዝ
—በቤተሰብህ ተገነዝ ፡ በቁስህ ተናዘዝ

ብተይ ይዕንድር ፡ አንበሳ ይጭድር ፡ ነብሪ ይንድር
—ጥጃ ይቦርቃል ፡ አንበሳ ያገሳል ፡ ነብር ይቆጣል

ብተፋሕሰ ገመደይ ፡ ብተኺዕተ ጉድጓደይ
—በተጐነጐነ ገመዴ ፡ በተቆፈረ ጉድጓዴ

ብትሕትና ኩሉ ጐይታ ፡ ብትዕቢት ኩሉ አንታ
—በትህትና ሁሉም ጌታ ፡ በትእቢት ሁሉም አንተ

ብትወያ ሚዳ ፡ ብትሓልፎ ቀዳዳ
—በምትወጣበት ሚዳ ፡ በምታልፍበት ቀዳዳ

ብናይ አቦኻ ተናበር ፡ ብሸማኻ ተቐበር
—ባባትህ ኑር ፡ በሸማህ ተቀበር

ብንኡስካ ዝረአየካ ፡ ነየኽብረካ
—በልጅነትህ ያየህ ፡ አያከብርህም

ብንኡስካ ዝወለድካዮን ፡ አንጊህካ ዝኽድካዮን ፡ እናሓደረ የሕጉሰካ
—በልጅነትህ የወለድከውና ፡ ማልደህ የሄድከው ፡ እያደረ ያስደስትሃል

ብንጉስ ሞት ፡ ብፀሓይ ዕርበት
—በንጉስ ሞት ፡ በፀሃይ ጥልቀት

ብንጉስ ዝተቐርፀት ፡ ኢድ ዳርጋ ዘላ
—በንጉስ የተቀረጠች እጅ ፡ እንዳለች

ብንጉስ ዝያረት ዓይኒ ፡ የጥፍአያ
—በንጉስ የጠፋች አይን ፡ ያጥፋት

ብንጉስ ዝወፀ ናፃ ፡ ብአፍ ዝወፀ ፋፃ
—በንጉስ የወጣ ነፃ ፡ በአፍ የወጣ ፉጨት

ብኢድ አይከሓሱ ፡ ብኾኩዓዳ አይሓርሱ
—በእጅ አይካሱ ፡ በእሬት እንጨት አያርሱ

ብኢድግትካ ፡ ሓዊ ሓዝ
—በሰው እጅ ፡ እሳት ያዝበት

ብኢዶም አይከሓሱ ፡ ብቁንጪ አይሓርሱ
—በእጃቸው አይካሱ ፡ በቁንጫ አያርሱ

ብአይ ብአኻ ፡ በቦይ በቦኻ
—በኔ ባንተ ፡ ባባቴ ባባትህ

ብአፈን ፀፍ ፡ ብእግረን ደርገፍ
—በአፋቸው ብልጥ ፡ በእግራቸው ድንቅፍቅፍ

ብአፉ እተአመነ ፡ ብሱሩ ዝመንመነ
—በአፉ ያመነ ፡ ከስሩ የመነመነ

ብኣፍ ሰተት ፡ ብእግሪ ሸተት
—በአፍ ሰተት ፡ በእግር ሸርተት

ብኣፍና ዘይወፀ ፡ ብልብና ዘይተሃንፀ
—በአፋችን ያልወጣ ፡ በልባችን ያልታሰበ

ብኣፍካ እተምፅኦ ዕዳ ፡ ብእግርኻ እትኽዶ ሚዳ ይውፅዐካ
—በአፍህ የምታመጣው እዳ ፡ በእግርህ የምትሄደው ሚዳ ይጎዳሃል

ብኣፍካ ዝኣቱ ፡ ኣይወፅዕካ
—በአፍህ የሚገባ ፡ አይጉዳህ

ብኣፍካ ዝወፀ ፡ ኣይወፅዕካ
—ከአፍህ የወጣ ፡ አይጉዳህ

ብኣፎም ዝግበኦም ከይመልሱ ፡ ምስ ዳኛ ይበኣሱ
—በአፋቸው ተገቢውን እንዳይመልሱ ፡ ከዳኛ ይጣላሉ

ብእዋኑ ከይሕሉ ፡ ዋይ ኣነሽ ይብል ይህሉ
—በጊዜው እንዳይጠብቅ ፡ ወይ እኔ ሞኙ ሲል ይኖራል

ብእዋኑ ዝኣተወካ ጋሻ ፡ ከምዝሓገዘካ
—በጊዜ የመጣ እንግዳ ፡ እንደረዳህ ይቆጠራል

ብእዋኑ ዝኣቱ ጋሻ ፡ ስብሕቲ ድራኑ
—በጊዜ የገባ እንግዳ ፡ እራቱ ፍሪዳ

ብኽበሮ ኣብየንስ ፡ ብሕምቢጣጥ
—በውዴታ እምቢ ብለው ፡ በግዴታ

ብኽብዱ እተላእከ ፡ ሓዊ ነየፍርሆ
—ለሆዱ ሲል የተላከ ፡ እሳት አያስፈራውም

ብኻራኻ ተመተር ፡ ብዝመኽርካዮ ተኽተር
—በቢላህ ተመተር ፡ በመከርከው ተዘረፍ

ብኽልተ ካራ ኣይመትሩ ፡ ብኽልተ መልሓስ ኣይመስክሩ
—በሁለት ቢላዋ አይመትሩ ፡ በሁለት ምላስ አይመሰክሩ

ብኽልተ ካራ ኣይትምተር ፡ ኣብኽልተ ኣይትሕደር
—በሁለት ቢላ አትምተር ፡ ለሁለት ጌቶች አትደር

ብኽልተ ዳኛ ኣይሚገቱ ፡ ብኽልተ በትሪ ኣይምክቱ
—በሁለት ዳኛ አይሚገቱ ፡ በሁለት ብትር አይመክቱ

ብኽልተ ዳኛ አይራትዑ ፡ ብኽልተ በትሪ አይዋቕዑ
—በሁለት ዳኛ አይረታቱ ፡ በሁለት ብትር አይመታቱ

ብኽብሪ አብያ ብሕምቢጣዋ ፡ ወዲ ጭዋ አብያ ወዲ ዋጣ
—በክብር እምቢ ብላ በውርደት ፡ የጨዋ ልጅ እምቢ ብላ ያዝማሪ ልጅ

ብኾፍካ ፡ አይንዋሕን
—ቁጭ ማለት ፡ አያስረዝምም

ብወረ አይትዕለአኒ ፡ ብስም እኽሊ አይትብለኒ
—በወሬ አትጥላኝ ፡ በስመ እህል አትብላኝ

ብወርቁ እተሸለመ ፡ ብጉዳዩ እተዓለመ
—በወርቁ የተሸለመ ፡ በጉዳዩ የሰለጠነ

ብወኻርያ አይትነድር ፡ ምስ ኣንበሳ አይትቐድር
—በቀበሮ አትናደድ ፡ ከአንበሳ አትፎካከር

ብዒተል አይደቀስኩ ፡ ብቐታል ዒተል አይደቀስኩ ፡ በለ አቦ
—በልጄ አልተኛሁ ፡ በልጄ ገዳይ አልተኛሁ ፡ አለ አባት

ብዓመፅ ዝጠፍአ ፡ ብሕጊ ይምለስ
—በአመፅ የጠፋ ፡ በህግ ይመለሳል

ብዓቢኡ ኽሎ ፅድያ ፡ ብሒደት ማይ ዶ ትጥልቅያ
—ፀደይ በረኸሙ እያለ ፡ በትንሽ ውሃ ይበሰብሳሉ

ብዓንተቦ ዝእቶ ጋሻ ፡ ድራፉ ሕምባሻ
—በጊዜ የገባ እንግዳ ፡ እራቱ አምባሻ

ብዓይነይ አልቅሲ ፡ ብኢደይ ሓብሲ
—በአይኔ አልቅሺ ፡ በእጄ አብሺ

ብዕላል አይነግሱ ፡ ብቑንጪ አይሓርሱ
—በወሬ አይነግሱ ፡ በቁንጫ አያርሱ

ብዕራይ ሳዕሪ ይበልዕ ፡ ገዛ ዕዳ ይመልእ
—በሬ ሳር ይበላል ፡ ቤት እዳ ይሞላል

ብዕራይ ፡ ብመዓንጣኡ እምበር ብኽሳዱ አይኮነን ዚስሕብ
—በሬ ፡ በአንጀቱ እንጂ በአንገቱ አይስብም

ብዕራይ ናብ ዝኸደ ይኺድ ፡ ዕርፊ አፅንዕ
—በሬ ወደፈለገበት ይሂድ ፡ ሞፈርን አጥብቅ

ብዕራይ ክራይ ፡ ሞተ ቢልካ ንዋንኡ ንገር
—የኪራይ በሬ ፡ ሞተ ብለህ ለባለቤቱ ንገር

ብዕራይ ኪራይ እንተረኽብካ ጉርዲ ፡ እንተሰአንካ መፃመዲ
—የኪራይ በሬ ካገኘህ ግርድ ፡ ካጣህ አጣማጅ

ብዕራይ ዘለዎ ፡ ካብ ሰብ ይሓይሽ
—በሬ ያለው ፡ ከሰው ይበልጣል

ብዕራይ ዘይብሉን ፡ ኩርምቲ ዘይብሉን ፡ ካብ ጠጥዑሙ ይተርፍ
—በሬ የሌለውና መንጋጋ የሌለው ፡ የሚጣፍጥ ሁሉ ይቀርበታል

ብዕራይ ዝሓመቐ ፡ ክዳኑ ዝረቐቐ ፡ ወዲ ሓወቦ ይንዕቆ
—በሬው የሰነፈበት ፡ ልብሱ የተቀደደበት ፡ ባላጋራው ይንቀዋል

ብዘመነ ውቤ ዝፀመመ ፡ ዝባን ውቤ ክብል ነበረ
—በውቤ ዘመን የደነቆረ ፡ በውቤ ሲል ይኖራል

ብዘመን ውርውራ ፡ ነብስኻ ኣይተዕብራ
—በግርግር ጊዜ ራስህን አትጐዳ

ብዘመነይ ፡ ይጥዓሞ ወገነይ
—በዘመኔ ፡ ይመቸው ወገኔ

ብዘውፃእካዮ ዳኛ ፡ ትኸውን ውርደተኛ
—ባወጣኸው ዳኛ ፡ ትሆን አሳረኛ

ብዘውዕእዎ ዳኛ እንተተረትዑ ፡ ብዝቆረፅዎ ጨንገር እንተተወቕዑ ናይ እግዚኣብሔር ፍትሒ ርትዑ
—ባወጡት ዳኛ ቢረቱ ፡ በቆረጡት በትር ቢመቱ ፡ የእግዚኣብሔር ፍትሁና ርቱእነቱ

ብዘይ ሓሞይ ፡ መን ጓለይ
—አለ አማቼ ፡ ማን ልጇ

ብዘይ መባእ ፡ ቤተክርስቲያን ኣይትባእ
—አለ መባ ፡ ቤተክርስቲያን አትግባ

ብዘይ ሞያ ሰብ እንተ በዝሔ ፡ ይመስል ከምጊሔ
—አለ ሞያ ሰው ቢበዛ ፡ ሽኮኮ ይመሰላል

ብዘይ ማይ ነጎዳ ፡ ብዘይ በላዕኻዮ ዕዳ
—አለ ዝናብ ነጎዳ ፡ ባልበላኸው እዳ

ብዘይ ሞገትካ ተፈረድ ፡ ብዘይ ደየብካ ውረድ
—አለ መግትህ ተፈረድ ፡ ባልወጣህበት ውረድ

ብዘይ ሰማይ ዝነውሓኒ ፡ ብዘይ ምድሪ ዚገፍሓኒ
—አለ ሰማይ የሚረዝምብኝ ፡ አለ ምድር የሚሰፋብኝ

ብዘይ ስራሕ ፡ ኣይርከብን ምሳሕ
—ያለ ስራ ፡ አይገኝም ምሳ

ብዘይ ስንቂ መንገዲ ፡ ብዘይ ወርቂ ንግዲ
—ያለ ስንቅ መንገድ ፡ ያለ ወርቅ ንግድ

ብዘይ ቋረኻ ወለል ፡ ብዘይ ጠስምኻ ፀረር
—በሰው ጀኖ መንጎራደድ ፡ በሰው ቅቤ ማንቆርቆር

ብዘይ ብርኪ ሸኽና ፡ ብዘይ ርእሲ ጎተና
—እግር ሳይኖር ሸኸና ፡ ራስ ሳይኖር ጉተና

ብዘይ ነገርካ ኣይትበኣስ ፡ ደሓር ከይትጠዓስ
—አለ ነገርህ አትጣላ ፡ ኋላ እንዳይቆጭህ

ብዘይ ንእሽቶ ፡ እንዳ ንጉስ ነይእቶ
—ትንሽም ሳይያዝ ፡ ንጉስ ቤት አይገባም

ብዘይ ንጉስ ሰላም ፡ ብዘይ ደበና ዝናብ ኣይርከብን
—አለ ንጉስ ሰላም ፡ አለ ደመና ዝናብ አይገኝም

ብዘይ ንጉስ ዘውዲ ፡ ብዘይ ማሕፀ ጉንዲ
—አለ ንጉስ ዘውድ ፡ አለ መጥረቢያ ግንድ

ብዘይ አቡን ክህነት ፡ ብዘይ ንጉስ ሽመት
—አለ አቡን ክህነት ፡ አለ ንጉስ ሹመት

ብዘይ ኣፍካ ሓቢ ስተ ፡ ብዘይ መቀመጫኻ ተግላገል
—በሰው አፍ ኮሶ ጠጣ ፡ በሰው ቂጥ ተገላገል

ብዘይ ኢድካ ሓቂ ፡ ብዘይ ኣፍካ ሓቢ ፡ እቲ ኣየሕርር እቲ ኣይመርር
—በሰው እጅ እሳት ፡ በሰው አፍ ኮሶ ፡ ያኛው አያቃጥል ያኛው አይመር

ብዘይ ክዳንካ ወለል ፡ ብዘይ ጠስምኻ ፀረር
—በሰው ልብስ መንጐራደድ ፡ በሰው ቅቤ ማንቆርቆር

ብዘይ ዓቕሚ ፡ ይስበር ዓፅሚ
—ካለ አቅም ፡ አጥንት ይሰብራል

ብዘይ ዘውዲ አይነግሱ ፡ ብዘይ አቡን አይቅሸሹ
—አለ ዘውድ አይነግሱ ፡ አለ አቡን አይቀስሱም

ብዘይ ዳኛ አይከሓሱ ፡ ብዘይ ስኒ አይነኽሱ
—አለዳኛ አይካሱ ፡ አለ ጥርስ አይነክሱ

ብዘይግባእ ፡ ምድሪ ይጉባእ
—አለ አግባቡ ምድር ይጠፋል

ብዘይግባእ ፡ እንዳ ንጉስ አይትእዩ
—አለአግባብ ፡ ንጉስ ቤት አትግባ

ብዘይ ፈጣሪ ፡ መን ኣሎ መርማሪ
—አለ ፈጣሪ ፡ ማን አለ መርማሪ

ብዘይ ፈጣሪ ፡ መን አሎ ሰዋሪ
—አለ ፈጣሪ ፡ ማን አለ ሰዋሪ

ብዘይ ፍርዲ ምእሳር ፡ ኣብ ልዕሊ ፈጣሪ ምምራር
—አለ ፍርድ ማሰር ፡ ፈጣሪ ላይ ማማረር

ብዙሓት ይሃቡኻ ፡ ብዙሓት አይኽልኡኻ
—ብዙዎች ይስጡህ ፡ ብዙዎች አይከልክሉህ

ብዙሓት ይሃቡኻ ፡ ብዙሓት አይፅልኡኻ
—ብዙዎች ይስጡህ ፡ ብዙዎች አይጥሉህ

ብዙሓትን ፡ ጥምዙሓትን
—ብዙዎችና ፡ ፈሪዎች

ብዙሕ ስሕለት ይመትር ፡ ብዙሕ ድፍረት ይቐትል
—ሃይለኛ ስለት ይመትራል ብዙ ድፍረት ይገድላል

ብዙሕ ካብ ምሕሳብ ፡ ቅሩብ ምዝራብ ይሓይሽ
—ብዙ ከማሰብ ፡ ትንሽ መናገር ይሻላል

ብዙሕ ካብ ምዝራብ ፡ ብዙሕ ምሕሳብ
—ብዙ ከመናገር ፡ ብዙ ማሰብ

ብዙሕ ዘረባ ፡ ዓፀባ
—ብዙ መናገር ፡ ችግር ያመጣል

ብዙሕ ዝሰቡ ፡ ብዙሕ ሕዙኑ ፡ ብዙሕ ሰበቡ
—ዘመደ ብዙ ፡ ሃዘኑ ብዙ ሰበቡ ብዙ

ብዙሕ ዝደሊ ፡ ሓደ ነይረክብ
—ብዙ የሚፈልግ ፡ አንዱንም አያገኝም

ብዙሕ ፍርሓት ፡ መቕጠን ውዕአት
—በጣም መፍራት ፡ ተቅማጥ ያቀጥናል

ብዙሕ ፍትው ፍትው ኣይተብለኒ ፡ ቀልጢፍካ ከይትፀልአኒ
—ዶሎ ዶሎ አትውደደኝ ፡ ዶሎ እንዳትጠላኝ

ብዝሓለፈ ኣይጠዓስዎን ፡ ብዝመፅእ ኣይዝንግፅዎን
—ላለፈው አይቆጩ ፡ ለሚመጣው አይዘነጉ

ብዝሓለፈስ ሓለፈ ፡ ኣይትድግመኒ ብዝተረፈ
—ያለፈው አለፈ ፡ አትድገመኝ በተረፈ

ብዝሓዞ በትሪ ኣይውቃዕ ፡ በኩኡን ፡ ብሓብቱን ኣይርታዕ
—በያዘው ብትር አይመታ ፡ በአጐቱና በእህቱ አይረታ

ብዝሰሓልካዮ ካራ ተሓረድ ፡ ብዘውፃእካዮ ዳኛ ተፈረድ
—በሳልከው ቢላ ታረድ ፡ በመረጥከው ዳኛ ተፈረድ

ብዝበላዕካዮ ገብር ፡ ብዝሰማዕካዮ መስክር
—በበላኸው ገብር ፡ በሰማኸው መስክር

ብዝተለምዎ ይሓርሱ ፡ ብዝጀመርዎ ይጭርሱ
—በተለሙት ያርሱ ፡ በጀመሩት ይጨርሱ

ብዝጊ ዝወረደ ፡ ንምድሪ ነይከበደ
—ከእግዚአብሔር የወረደ ፡ ለምድር አይከብድም

ብዞኽዞኽ ፡ ጉያ ይልመድ
—በሱክሱክ ፡ ሩጫ ይለመዳል

ብየማን ቆይመ ከምክርስቶስ ፡ ብፀጋም ቆይመ ከም ዲያብሎስ
—በቀኝ ቆሜ እንደክርስቶስ ፡ በግራ ቆሜ እንደ ዲያብሎስ

ብየማን ዝሰረረ ኣብ ኮርቻ ፡ ብፀጋም ዝሰረረ ኣብ ኮርቻ
—በቀኝም ወጣ ወደ ኮርቻ ፡ በግራም ወጣ ወደ ኮርቻ

ብደሓር ምዓሉ ፡ ከም መላልስ
—ከኋላ የሚሆን እንደ ጭራ

ብደሓር ዝመፀ ፡ ዓይኒ ኣውፀአ
—ከኋላ የመጣ ፡ አይን አወጣ

ብደዋ ዝፀላእኩዋ አራዊትስ ፡ ኮፍ ኢላ ተዛርበኒ
—ቆማ የጠላሁዋት አራዊት ፡ ቁጭ ብላ ታናግረኛለች

ብደቄ ዳኛ ፡ ብአልጋ ቁረኛ
—በደቄ ዳኛ ፡ በአልጋ ቁራኛ

ብደውካ ዘይሓፈረካ ፡ ብኽፍካ ነይሐፍረካ
—ቆመህ ያልፈራህ ፡ ቁጭ ብለህም አይፈራህ

ብደዎም ዝዘተይዎ ፡ ኮፍ ምስ በሉ ይብትንዎ
—ቆመው የተማከሩት ፡ ቁጭ ሲሉ ያፈርሱታል

ብዳኛ ዝተፈርደ ፡ ብስሕለት ዝተቐደ
—በዳኛ የተፈረደ ፡ በስለት የተቀደደ

ብዳኛ ዝተፈረደ ፡ ብብዙሕ እተቐደ
—በዳኛ የተፈረደ ፡ በጣም የተቀደደ

ብዳኛ ተሰራዕ ፡ ብወልተምካ ብላዕ
—ተፈረድ በዳኛ ፡ ብላ በመሶብ

ብድሕሪ አቦኻ ፡ ሞት ግዴኻ
—ካባትህ ቀጥሎ ፡ ሞት ተራህ ነው

ብድሕሪኡ ዘይሕመ ፡ አይሰብአይን
—በሌለበት የማይታማ ፡ ወንድ አይባልም

ብድኒ አይደጋደጉ ፡ ብሕጊ ይተሓጋገጉ
—በዋስ ይዋዋሱ ፡ በህግ ይተዳደሩ

ብገንዘቡ ዝለገሰ ፡ ብወደሉ ዝገስገሰ ፡ ካብ ኩሉ ዝሓሸ
—በገንዘቡ የለገሰ ፡ በአህያው የገሰገሰ ፡ ከሁሉም ተሻለ

ብገዓት እተሰርሐ ስኒ ፡ አየስሕቕ አየፍሕቕ
—በገንፎ የተሰራ ጥርስ ፡ አያስቅ አያስፍቅ

ብገዛ ድኻ ዝአትው ዝብኢ ፡ አድኒ ብዕራይ በልዐ
—በድኻ ቤት የገባ ጅብ ፡ አህያና በሬ በላ

ብጓላ መን ዘይእትየ ፡ ብወዱ መን ዘይከንቲባ
—በልጅነቷ እትየ ያልተባለች ፡ በልጅነቱ ከንቲባ ያልተባለ ማነው

ብጋሻ ዘንፀርፀረ ፡ ሓሙኡ ያሙ አሕደረ ፡ ዘይግቡር ገበረ
—በእንግዳ የተነጫነጨ ፡ አማቹን ጠም አሳደረ የማይደረግ አደረገ

ብግዚኡ ከይሕሉ ፡ ወይለይ ወይለይ ይብል ይህሉ
—በጊዜው እንዳይጠበቅ ፡ ወይኔ ወይኔ እያለ ይላል

ብጎራሕ ፡ ኣይትመራሕ
—በብልጥ ፡ ኣትመራ

ብጎራሕ ኣይትገራህ ፡ ብዓሻ ኣይትመራሕ
—በብልጥ ኣትሞኝ ፡ በሞኝ ኣትመራ

ብፀሊም ብረት ፡ ብነዊሕ ሰንሰለት
—በጥቁር ብረት ፡ በረጅም ሰንሰለት

ብፀበባ እንቀዓ ፡ ኣተዓባብያ ውሉድ ሙብዕዓ
—በችግር ጊዜ ቁና እህል ፡ እንደየስለት ልጅ አስተዳደግ

ብፃይካ ርኢኻ ፡ ሳዕስዕ
—ጓደኛህን አይተህ ጨፍር

ብፈርፈር ፀባ ዝሓመመ ፡ ጓጉድ ማይ ተምተመ
—በወተት አምሮት የታመመ ፡ ጮጮ ሙሉ ውሃ ሞጥም አደረገ

ብፍትሒዝኽደት በቕለይ ኣይተጉህየንን ፡ ብዘይ ፍትሒዝኽደት ቆሎይ ተጉህየኒ
—በፍትህ የሄደች በቅሎየ አታሳዝነኝም ፡ ካለፍትህ የሄደች ቆሎዬ ታሳዝነኛለች

ተ

ተሃዊኽም የፍስስዎ ፡ ኮፍ ኢሎም ይሓፍስዎ
—ቸኩለው ያፈሱታል ፡ ቁጭ ብለው ያፍሱታል

ተለቂሑ ዘይመልስ ጐሓሊ ፡ ከለዎ ዘየለቅሕ ቀታሊ
—ተበድሮ የማይመልስ ሌባ ፡ እያለው የማያበድር ገዳይ

ተለቂሔን ጨው የምቅራ
—ጨው ተበድረው ያጣፍጡ

ተሓሳሚ ጓሳ ፡ ምስሑ ዝበልካዮ ድራኑ ይኾኖ
—አኩራፊ እረኛ ፡ ምሳው እራቱ ይሆነዋል

ተሓቢኤን ይጠንሰአ ፡ ሰብ አኪበን ይሓርሰአ
—ተደብቀው ያረግዙታል ፡ ሰው ሰብስበው ይወልዱታል

ተሓኒቓ ሞተት ፡ ምስ ጨነቓ
—ታንቃ ሞተች ሲጨንቃት

ተሓጓሚ እንከሎ ፡ ተሐዝ ልቢ ይጠርጥ
—ዋግምት ተነጣቂ እያለ ፡ ያገር ይፈሳል

ተሓግ ሃገር ፡ ብዕራይ ሃገር የውፅአ
—የአገሩን ሰርዶ ፡ የአገሩ በሬ ያወጣዋል

ተሓፂብካ አብ ጭቃ
—ታጥቦ ጭቃ

ተመሃሪን ደርሆን ብህይወቶም ይሓስሩ ፡ አብ ግዜ ሞቶም ይኸብሩ
—ተማሪና ዶሮ በህይወት እያሉ ይቀላሉ፡ በሞታቸው ጊዜ ይከበራሉ

ተመለስ ካብ በለስ
—ከቁልቋሉ ተመለስ

ተመለስ ዘይብልዎ አሕዋቱ ፡ ዕናሕ ዘይብልዎ መሓዙቱ ፡ ጥፋእ እዩ ብኽቱቱ
—ወንድሞቹ ተመለስ የማይሉት ፡ ጓደኞቹ ቆይ የማይሉት ፡ ጨርሶ ይጠፋል

ተመሊስካ እትረድአ ፡ ሓዲግካዮ አይትእዩ
—ተመልሰህ የምትረዳውን ፡ ጥለኸው አትግባ

ተመልከት ዕላማኻ ፡ ተኸተል ሓለቓኻ
—ተመልከት አላማህን ፡ ተከተል አለቃህን

ተመስገን ኢልካ አይትብላዕ ፡ ተማሲጉካ አይትሕራእ
—ተመስገን ብለህ አትብላ ፡ ቂጥህን ጠርገህ አትራ

ተመርኮስ ዘንግኻ ፡ ተአንገብ ዋልታኻ
—ተመርኮዝ ዘንግህን ፡ አንግብ ጋሻህን

ተመርየ ተበልዎስ ፡ ክዓርቩ የ በለ
—አግባ ቢሉት ፡ ሚዜ እሆናለሁ አለ

ተመቕለሊ ዒሉ ፡ ንፀሓይ ዕርበት እንታይ ክምቕለለሉ
—ታዘኽ ውርንጭላ ፡ ፀሃይ በምትጠልቅበት ሰአት ምኑን ታዘዝኩት

ተመን ፥ ልቡ ርእዩ እግሪ ኽልኦ
—እባብ ፥ ልቡን አይቶ ፥ እግር ነሳው

ተመን ምስ መህረሚኡ ፥ ሰንድው
—እባብን ከነመምቻው ፥ ወርውር

ተመን ፥ ስፍራኡ ምስ ዝገጊ ይመውት
—እባብ ፥ ቦታውን ሲስት ይሞታል

ተመን ቀጠነ ኢልካ አይርገፅ ፥ ወዲ ጭዋ ሓመቐ ኢልካ አይላገፅ
—እባብ ቅጭን ነው ተብሎ አይረገጥ ፥ የጭዋ ልጅ ተበላሸ ተብሎ አይላገጥ

ተመን ቅተል ፥ ምስናይ በትሩ ገደል
—እባብ ግደል ፥ እስከ በትሩ ገደል

ተመን ብሕንዙ ፥ መሬት ብወንዙ
—እባብ በመርዙ ፥ መሬት በወንዙ

ተመን ፥ ብመልሓሱ ይመውት
—እባብ ፥ በምላሱ ይሞታል

ተመን ኣብ እግርኻ ፥ በትሪ ኣብ ኢድካ
—እባብ በእግርህ ፥ ብትር በጅህ

ተመን እግሪ የብሉ ፥ ዓሻ ልቢ የብሉ
—እባብ እግር የለው ፥ ሞኝ ልብ የለው

ተመን ከም ምልማዕካ ፥ ቅናት የውሃንስ ምኾንካ
—እባብ እንደ መለስለስህ ፥ ቅናቱ የሃንስ በሆንክ

ተመን ዝረኣየ ፥ ብልሕዊ ተዳህለ
—እባብ ያየ ፥ በልጥ በረየ

ተመን ዝወዓሎ ይመስል
—እባብ የዋለበት ይመስላል

ተመን ጥበስለይ ፥ ይዝሓለለይ
—እባብ ጥበሽልኝ ፥ ይቀዝቅዝልኝ

ተመንሲ ምእንቲ ኽብዱ ፥ ይኽይድ ብኽብዱ
—እባብ ለሆዱ ሲል ፥ ይሄዳል በሆዱ

ተመጣልዓይ ኣርሓ ፥ ኣብ መቐመጫኡ ይውጋእ
—ቁላርፍ ያለ ኮርማ ፥ ቂጡ ይወጋል

ተመፃራዪ ዝብኢስ ያኢ ፣ መቐመጫ ምራኽ ይልሕስ
—ቁንጠኛ ጅብ ፣ የጥጃ ቂጥ ይልሳል

ተማሂሩ ዘይመሃረ ፣ ዘሪኡ ዘይሓፀረ ፣ ቁሩብ ተደረረ
—ተምሮ ያላስተማረ ፣ ዘርዶ ያላጠረ ፣ እራቱ ትንሽ ሆነ

ተማሂሩ ዘይፅሕፍ ፣ አኽፈሉ ዘይገድፍ
—ተምሮ የማይፅፍ ፣ አክፍሎ የማይገድፍ

ተማህሊልካ እተዝንሞ ዝናብ ይጐድእ ፣ እንተዝሞተለይ እትብሎ እረጊት ይረድእ
—በምህላ የሚዘንብ ዝናብ ይጐዳል ፣ በሞተልኝ የምትለው ሽማግሌ ይረዳል

ተማሕፀን አብ ነጋሲ ፣ ተሓፀብ አብ ፈሳሲ
—ተማጠን በነጋሽ ፣ ታጠብ በፈሳሽ

ተማቲ መስሓቲ ፣ ኰርኳዒ መስሓቒ
—መካሪ ያሳስታል ፣ ኰርኳሪ ያስቃል

ተማቲ መስሓቲ ፣ ኰርኳዒ መጥረጢ
—መካሪ ያሳስታል ፣ ኰርኳሪ ያስፈሳል

ተሰማ ተሰማ ፣ ብእልፊ ሓሶት ተሸለምካ ጋማ
—ተሰማ ተሰማ ፣ በእልፍ ውሸት ተሸለምክ ጋማ

ተሰቢሩ ዝፅገን ፣ ከም ቀደሙ ነይከውን
—ተሰብሮ የሚጠገን ፣ እንደ ድሮው አይሆንም

ተሰኪመን ከይበሃላ ኩልኳሎ ፣ ጥሒነን ከይበሃላ ክፋሎ
—ተሸክመዋል እንዳይባል በብብታቸው ፣ ፈጭተዋል እንዳይባል ግማሽ ቁና

ተሲኢንካ ይንዕቁኻ ፣ እንተረኺብካ ይሰርቁኻ
—ካጣህ ይንቁሃል ፣ ካገኘህ ይሰርቁሃል

ተሸይሙ ከሎ ዘይበልዐ ፣ ምስ ተሳዕረ ይጠዓስ
—ሲሾም ያልበላ ፣ ሲሻር ይቆጨዋል

ተቐመጥ አብ መንበረይ ፣ ተዛረብ ብኽንፈረይ
—ተቀመጥ በወንበሬ ፣ ተናገር በከንፈሬ

ተቐሚጣ ተቐሚጣ ፣ ጥቅምቲ ሕርሳ
—ኖራ ኖራ ፣ ጥቅምት ላይ ትወልዳለች

ተቐሚጥካ ዝሰቐልካዮ ፡ ደው ኢልካ ንምውረዱ የሸግር
—ተቀምጠህ የሰቀልከው ፡ ቆመህ ለማውረድ ያስቸግራል

ተቐደወ ቐደወ ፡ ተደይ ቀደወ ሕንጣጦ
—ከቀና ቀና ፡ ካልቀና እንደነገሩ

ተቐያቒ ጐረቤት አይሃብካ ፡ ገበታ ዓድዩ እንተላም ይብለካ
—ነጭናጫ ጐረቤት አይስጥህ ፡ ጥቂት ከፍሎ ብዙ ነው ይልሃል

ተቐርሚሙኒ እንተበልኩስ ፡ ምራኽይ ሞተትኒ
—ተቆረሰብኝ ብየ ባዝን ፡ ጥጃየ ሞተችብኝ

ተባዕታይ ዑፍን ፡ ልቢ ሰብን አይፍለጥን
—የወፍ ወንዱ ፡ የሰው ልቡ አይታወቅም

ተባዕ አይሞተ ፡ ፈራሕ አይሞተ ፡ ላንግላንጋ ሞተ
—ደፋር አልሞተ ፡ ፈሪ አልሞተ ፡ ወላዋይ ሞተ

ተብተብ ኢላ ተፍስሶ ፡ ቀስ ኢላ ትሐፍሶ
—ቸኩላ ታፈሰዋለች ፡ ቀስ ብላ ታፍሰዋለች

ተተባረበት ናይ ዓሚ ፡ ተፈተለት ሩእሚ
—በትናገር ያምናውን ፡ ብትፈትል አንድ ልቃቂት

ተነቓናቒት ጉንድን ፡ ሰሓቒት ሰበይትን ፡ ብኣጋ አይትርከብን
—የሚነቃነቅ ግንድና ፡ ሳቂታ ሴት በቶሎ አይገኙም

ተናኻሲ ከልብኻ ፡ ተዋጋኢ ብዕራይካ
—ተናካሽ ውሻህን ፡ ተዋጊ በሬህን

ተናዚዝካ ይሞትዎ ፡ አትሒዝካ ይመግትዎ
—ተናዘው ይሞቱታል ፡ አስይዘው ይሟገቱታል

ተናገር ዝመሰለ ፡ ብላዕ ዝበሰለ
—ተናገር የመሰለ ፡ ብላ የበሰለ

ተናጊሩ አናገረኒ ዝፈተወኒ ይመስል ፡ ከይዱ ተናገረ ዝለኣኸዎ ይመስል
—ተናግሮ አናገረኝ ይወደኝ ይመስል ፡ ሄዶ ተናገረ የላኩት ይመስል

ተንስኡለይ አይትበል ፡ ተዓዚብካ እትፈትዎ ይበልዕ
—ተነሱልኝ አትበል ፡ ታዝበህ የምትወደው ይበልጣል

ተንስኡለይ አይትበል ፡ ኣብ ዝተንስኡልካ ተቐመጥ
—ተነሱልኝ አትበል ፡ ሲነሱልህ ተቀመጥ

ተአሚኑ ዝማጐት ፡ አይርታዕን
—ተማምኖ የሚሚገት ፡ አይረታም

ተከዘ ብስንጭሮኡ ፡ ጐንደር ብሐደ አጉዶኡ
—ተከዜ በተረተሩ ፡ ጐንደር በአንድ ጎጀው

ተከዘ አነ ክሪአ እንከለኹ ትሕቲ ሕምብርተይ ፡ እሳ ክትርኤኒ ርእሲ ቅርቅርተይ
—ተከዜ እኔ ሳየው ከእምብርቴ በታች ፡ እሱ ሲያየኝ ከአናቴ በላይ

ተከዘ ክትዕበስ ፡ ማና ሐዛ
—ተከዜ ቢኮራ ፡ መናን ይዞ

ተካሊት መኽደን ፡ ምስ ተካሊት ዓለባ ትራኽብ
—መከረኛ መክደኛ ፡ ከመከረኛ ጨርቅ ትገናኛለች

ተካሊት ዑፍ ፡ክርም ከሪማ ጥቅምቲ ትዓውር
—እድለቢስ ወፍ ፡ ከርማ ከርማ ጥቅምት ላይ ትታወራለች

ተካል መርዓ'ሎ ፡ ርሑስ ቀብሪ'ሎ
—እድለ ቢስ ሰርግ አለ ፡ እድለኛ ቀብር አለ

ተካል መዓር ሹመኛ ይልቀሐ ፡ ተካል እኽሊ ወዲሰበይትኻ ይበልያ
—ሰበበኛ ማር ሹመኛ ይበደረዋል ፡ ሰበበኛ እህል የእንጀራ ልጅህ ይበላዋል

ተካል ተስታይ ፡ ምስ ዝራብዓት ይቑረን
—እድለ ቢስ ወይፈን ፡ ኮርማ ጋር ይጠመዳል

ተካል ዑፍ ፡ መሸላ ኪሸውት ዓይና ትዓውር
—ዕድለ ቢስ ወፍ ፡ ማሽላ ሲያሸት ትታወራለች

ተካልካ መርዓ አሎ ፡ ቀዳዊኻ ቀብሪ አሎ
—ሰበበኛ ሰርግ አለ ፡ የሚበጅህ ቀብር አለ

ተኳሳይ ተመልኪቱ ፡ መጓታይ አመሳሲሉ
—ተኳሽ ተመልክቶ ፡ ተሟጋች አመሳስሎ

ተኽተል ሐለቃኻ ፡ ተመልከት ዕላማኻ
—ተከተል አለቃህን ፡ ተመልከት አላማህን

ተኽዲኑ ይመዕእ ፡ ተቐሊዑ ይብላዕ
—ተከድኖ ይመጣል ፡ ተከፍቶ ይበላል

ተኹላ ከም አንበሳ ክትንቁ ፡ ተሰንጢቕ ሞተት
—ተኩላ እንደ አንበሳ አገሳለሁ ብላ ፡ ተሰንጥቃ ሞተች

ተወለድኩ ጋር አይኸልእ ፡ ስጋ ዕባራ ታፍላ አይኸልእ
—ተወለድኩ ማለት ጉማ አያስከለክልም ፡ ጉፋያ ስጋ ለአምሮት ይሆናል

ተወሓሰኒ ኣያ ወልደ ፊልቆስ ፡ ተታሓሒዝና ክንምንቆስ
—ተዋሰኝ ጋሼ ወልደ ፊልቆስ ፡ ተያይዘን እንድንጠፋ

ተወሓሰኒ ግዝት ይኹነኒ ፡ ኣለቅሓኒ አይትምሓረኒ እንታይ ዕልኢ አደንዕልኢ አቦን ኣልዩኒ
—ተዋሰኝ ግዝት ይሁንብኝ ፡ አበድረኝ እንዳትምረኝ ፡ የእናት ወይም የአባት ጥል የለኝ

ተው ወደል ፡ ከይትኣቱ ኣብ ገደል
—ተው ወደል ፡ እንዳትገባ ገደል

ተውሳኽ ሞት አቦኣም ፡ ያሒት ሞባኣም
—በአባታቸው ሞት ላይ ፡ ብዙ ዳውላ መባ

ተውሳኽ ድኽነተን ፡ ምራኽን ይሞተን
—በድህነታቸው ላይ ፡ ጥጃ ይሞትባቸዋል

ተዓቕረት ሙዳርን ፡ ተዓቕረት ጓልን ፡ እትኾኖ አይትስእንን
—የተቀመጠ ማርና የተጠበቀች ልጃገረድ ፡ የሚሆኑት አያጡም

ተዓዚቦም ካብ ዝፀልኡኻ ፡ ተዓዚቦም ዝፈትዉኻ ይበልፅ
—ታዝበው ከሚጠሉህ ፡ ታዝበው የሚወዱህ ይበልጣል

ተዓጢቑ ከይሕሉ ፡ ወይለይ ወይለይ ይብል ይህሉ
—ታጥቆ እንዳይጠብቅ ፡ ወይኔ ወይኔ እያለ ይኖራል

ተዘይሓኒኽክንስ ፡ ምሳና ትድረራ
—ካላፈራችሁማ ፡ ከኛ ጋር ራት ትበላላችሁ

ተዛረበለይ ኣይከምኣፍካ ፡ ግበረለይ ኣይከምኢድካ
—ተናገርልኝ ማለት እንደ አፍህ አይሆን ፡ ስራልኝ ማለት እንደ እጅህ አይሆን

ተዛረበለይ ኣይከምኣፍካን ፡ ኣኾልሰኒ ኣይከምኢድካን
—ተናገርልኝ ማለት እንደ አፍህ አይሆን ፡ አጉርሰኝ ማለት እንደ እጅህ አይሆን

ተዛሪቦም የዛርቡኻ ፡ ሐስዮም የሐስዉኻ
—ተናግረው ያናግሩሃል ፡ ዋሽተው ያስዋሹሃል

ተዝካር ዝረአየ ተመሃሪ ፡ ሸቐጥ ዝረአየ ዓጣሪ
—ተዝካር ያየ ተማሪ ፡ ሸቀጥ ያየ አጣሪ

ተገምጢሉኒ ፡ በለ ሃንዛ
—ተገለበጠብኝ ፡ አለ አነባብሮ

ተጕልቢቡ ዝበልዕ ፡ ተጕምቢሕካ እተዎ
—ተሸፋፍኖ የሚበላን ፡ አንምብሰህ ግባበት

ተጋግዮም የጋግዩኻ
—ተሳስተው ፡ ያሳስቱሃል

ተግደርዳሪ ያሙ ሓዳሪ ፡ ቆልማዕ መቃባጠሪ
—ተግደርዳሪ ጦም አዳሪ ፡ ቀላዋጭ ቀባጣሪ

ተግደርዳሪ ያሙ ሓዳሪ ፡ በዓል ኢንታ መስቆርቆሪ
—ተግደርዳሪ ጦም አዳሪ ፡ እንከን ያለበት ተጨናቂ

ተጠንቀቕ ዝብለካ ፈታዊኻ ፡ አጅኻ ዝብለካ ፀላኢኻ
—ተጠንቀቅ የሚልህ ወዳጅህ ፡ አይዞህ የሚልህ ጠላትህ

ተፀባያይ ፡ ረብራባይ
—ጠባቂ ፡ ሰልቺ

ተፈረደለይ ኢልካ አይተንጋሕጥጥ ፡ ሃዲሙለይ ኢልካ አይተፋጥጥ
—ተፈረደልኝ ብለህ አትዝናና ፡ ሸሽቶልኛል ብለህ አታፍጥጥ

ተፋትዮም ጓልን ወድን ይዋሃሃቡ ፡ አሸበሸብ ቢሎም ዋሕሳት የቕርቡ
—ተዋደው ወንድና ሴት ይሰጣጣሉ ፡ ምናልባት ብለው ዋስ ያቀርባሉ

ተፍርሐኒ ከብደይ ፡ ተውድቕኒ ሕቕይ
—የምታስፈራኝ ሆዴ ፡ የምትጥለኝ ጀርባየ

ታሕሳስ አይትቕውዕ ፡ ፀማም አይትፀውዕ
—በታህሳስ ወር ካውድማ አትለምን ፡ ደንቆሮን አትጥራ

ትለምፀኒ እንተበልኪ ነትዕኺ ፡ ትገፍሐኒ እንተበልኪ ማእስኺ
—ይለስልስልኝ ካልሽ ነትሽን ፡ ይስፋኝ ካልሽ ጀንዲሽን

ትሉም ዝራእ ፡ ቅዱም ብላዕ
—የተተለመውን ዝራ ፡ የቀደመውን ብላ

ትልሂትስ ዝኽእላ ይብል ምልስልስ ፡ ዘይክእላ ይብል ስስ
—ጭፈራን የሚችል ይላል ምልስ ምልስ ፡ የማይችል ይላል እስክስ እስክስ

ትሓይኮ እንተበልኩስ ትጐስሙ፡ትሓድጎ እንተበልኩስ ትኹልሰሉ
—ታኻከዋለች ስል ትቅምበታለች ፡ ትተዋለች ስል ትጐርስበታለች

ትሕት እንተበልኩ ፡ ትሕቲ ኹሉ ሓደርኩ
—ትህትና ባሳይ ፡ ከሁሉም በታች ሆኘ ቀረሁ ፡

ትሕትና በትሪ የውቅዕ ፡ ትሕትና ዘንጊ የርትዕ
—የጠብ ይሉኻታ ያስመታል ፡ የይሉኻታ ሙግት ያስረታል

ትሕትና ብልዒ የሕዋእ ፡ ትሕትና ምጉት የርትዕ
—በመብል ትህትና ሃጢአት ያስገባል፡ በሙግት ትህትና ያስረታል

ትሕደር ንለይቲ ፡ ትዓል ንመዓልቲ ለጋዕ
—ሌሊት ትደር ፡ ቀን ትዋል እንገር ስጣት

ትማሊ ተማሓሒልና አብ ደረሰት ፡ ወያ ማሕላና መአስ ፈረሰት
—ትናንትና ተማምለን በደረሰት ፡ ከምኔው ማህላችን ፈረሰ

ትማሊ ትማሊ ፡ ከይወረደ ፃሕሊ
—ትናንት ትናንት ፡ ድስቱ ሳይወርድ

ትም ዝበለ አፍ ፡ ሃመማ አይአትዎን
—ዝም ያለ አፍ ፡ ዝምብ አይገባበትም

ትምህርቲ ዘይብሉ ህዝቢ ፡ ጨው ዘይብሉ መግቢ
—ትምህርት የሌለው ህዝብ ፡ ጨው የሌለው ምግብ

ትምባኾ እንታይ ይጠቅም ? የፋልጥ
—ትምባሆ ምን ይጠቅማል ? ያስተዋውቃል

ትምባኾ ካብ ጋሻ ፡ ምስላ ካብ ዓሻ
—ትምባሆ ከእንግዳ ፡ ምሳሌ ከሞኝ ፡

ትቑበፅ ሕረደላ ፡ ትጥቦ ፈንወላ
—ትቁረጥ እረድላት ፡ ትጥባ ልቀቅላት

ትበልዖ ስኢና ዝቐጠነት ፡ ኣነ ቀጣን ጓል ቢላ ኣዝመረት
—የምትበላውን አጥታ የከሳች ፡ እኔ ቀጭኗ ልጅ ብላ ፎከረች

ትንቢት ይመርሕ ፡ ልጓም ይገርሕ
—ትንቢት ይመራል ፡ ልጓም ይገራል

ትንዕ ዝበለካ ፡ ዳርጋ ዝወቕዓካ
—ሊመታህ የቃጣ ፡ እንደመታህ ይቆጠራል

ትክን ሓቅን ፡ መውዕኢ አይስእንን
—ጭስና ሃቅ ፡ መውጫ አያጣም

ትክን ቆልዓን ፡ መውዕኢኡ አይፍለጥን
—ጭስና ልጅ መውጫው አይታወቅም

ትክን ግመን ፡ ተታሓሒዘን ንሰማይ
—ጭስና ጉም ፡ ተያይዘው ወደ ሰማይ

ትክን ጨካንን ፡ መውዕኢ አይስእንን
—ጭስና ጨካኝ ፡ መውጫ አያጡም

ትክን ዕልእን ፡ ንኹሉ ይልክም
—ጭስና ጥል ፡ ለሁሉም ይተርፋል
ትኽስ ድሙ ፡ መዘንግዕ አንጭዋ
—የድመት ማንቀላፋት ፡ አይጥን ለማዘናጋት

ትኽክል ይግበርኩም ከም ስኒ አድጊ ፡ ይብል ሕሱም ረጋሚ
—እንደ አህያ ጥርስ ትክክል ያድርጋችሁ፡ ይላል ክፉ ተራጋሚ

ትኽደኖ ዘይብላ ፡ ትጉልበቦ ቃሕ ይብላ
—የምትለብሰውየላት ፡ የምትከናነበው አማራት

ትውሕጠ እንተበልኩስ ፡ ትጮስሙ
—ትውጠዋለች ስል ፡ ትቅምበታለች

ትዕቢት መቕድም ውድቀት ፡ ትሕትና መቕድም ክብረት
—ትዕቢት ውድቀትን፡ ትህትና ክብረትን ያመጣል

ትዕግስቲ ርእሲ ሃብቲ ፡ ትምህርቲ ናይ ዘልኣለም ርስቲ
—ከሃብት በላይ ትእግስት ፡ ትምህርት የዘላለም ርስት

ትጮናእ ሰዲደስ ፡ ትቦቀዕ መሊኣትኒ
—ትሻልን ሰድጄ ፡ ትብስን አመጣሁ

ትጠውያ'ሞ ፡ ትጥወየካ
—ታዞራትና ፡ ትዞርብሃለች

ትዕየፈኣሞ ፡ ትንፀፈኣ
—ትጠየፉትና ፡ ትነጠፉታላችሁ

ትፋተዉዶ ? አፀቢቕና ፡ ትግልኡ'ዶ ? እዚስ ቁምነገርና
—ትዋደዳላችሁ ? በጣም ፡ ትጣላላችሁ ? ይኸማ ቁምነገራችን

ትፋኡ ዝበልዕ ፡ ከም ከልቢ
—የተፋውን የሚበላ ፡ እንደውሻ

ነ

ነ'ምበላይ ዝተፈርደ ፡ ንሓመር ነይሰዶ
—ለአምበላይ የተፈረደው ፡ ሃመርን አይለቀውም

ነቓዕ ሓምሓም ምእንቲ ክትፈልጥ ፡ ማይ ምለሰሉ
—የተሰነጠቀ ቅልን ለማወቅ ፡ ውሃ ጨምርበት

ነቕናቒ እንከሎ ፡ መን ዕሩይ ማይ ክሰቲ
—በጥባጭ እያለ ፡ ማን ንፁህ ውሃ ሊጠጣ

ነበረ እምበር ፡ ይነብር ዝበሃል ፍጡር የልቦን
—ነበረ እንጂ ይኖራል የሚባል ፍጡር የለም

ነበረ እሞ ፡ በረረ
—ነበረ ፡ በረረ

ነበረ የናብር ፡ ሕጊ የኽብር
—ነበር ያኖራል ፡ ህግ ያስከብራል

ነባር ተግልታዋይ ፡ ሓድሽ ተፈታዋይ
—የኖረ ይንገላታል ፡ አዲስ ይወደዳል

ነብሪ ዓይኑ ሓመመ ፡ ንማሕስእ ክመርሐ ለመነ
—ነብር አይኑ ታመመ ፡ ግልገልን እንዲመራው ለመነ

ነብያት ዝመድመድዎ ፡ ሃዋርያት ገድገድዎ
—ነብያት የመደመዱትን ፡ ሃዋርያት ገደገዱት

ነብያት ዝዘርእዎ ፡ ሃዋርያት ሓፈስዎ
—ነብያት የዘሩት ፡ ሃዋርያት አፈሱት

ነቢይ'ዝጊ ላም ንሃቦ ዓቢራ እንተበለናኽ ? ንስኻ ተዕብር ንስኻ ተስ
ብሕ ንበሎ
—ለእግዚአብሔር ላም እንስጠው ከሳች ቢለንስ ? አንተ ታከሳ አንተ
ታሰባ እንበለው

ነንበሳደወል መምሓረሉ ፡ መን እሞ ምስ ኣሰረሉ
—አንበሳን ደወል ባማረበት ፡ ግን ማን ያስርለታል

ነንእሽቶኡ ብበቕሊ ፡ ዓዓቢኡ ብእግሪ ፡ ተካል ግብሪ
—ትንሽ ትንሹ በበቅሎ ፡ ትልቅ ትልቁ በእግር ፡ ደግም አይደል

ነንጭዋን ዓዕሪ ሞታ ፡ ንድሙን ፀወታ
—ለአይጥ ጣረ ሞቷ ፡ ለድመት ጨዋታ

ነኻዕ ርእሲ ፡ እታ ዝርካባ የግዕሳ
—መላጣ ፡ ያለችውን ያጎፍራል

ነኻዕ ከም ዓቕሙ ፡ የግዕስ
—መላጣ እንደ አቅሙ ፡ ያጐፍራል

ነኻዕ ዘመንስ ያኢ ፡ በዓል ጋዕሳ አለዋ
—ለመጥፎ ዘመንም ፡ ባለጊዜ አለው

ነዊሕ ሰብ ወይ ልቢ ይውሕዶ ፡ ወይ ስረ ይሓፅሮ
—ረጅም ሰው ወይ ልብ ያንሰዋል ፡ ወይ ሱሪ ያጥረዋል

ነዊሕ እንተዘየጐረረ ፡ ሓፂር እንተዘይፈከረ፡እቲ ምተደፍረ እቲ አይም
ተሓፍረ
—ረጅም ካላስፈራራ ፡ አጭር ካልፎከረ፡ያኛው ይደፈር ያኛውም አይ
ታፈር ነበር

ነዊሕ እንተዘይፈርሐ ፡ ሓፂር እንተዘይጐርሐ
—ረጅም ካልፈራ ፡ አጭር ብልጥ ካልሆነ

ነዊሕ አም እንዳማቱ የዕልል ፡ ዓሻ ሰብ ሰቡ የቕልል
—ረጅም ዛፍ የሰው ቤት ያስጠልላል ፡ ሞኝ ዘመዶቹን ያቀላል

ነዊሕ ኩናት ፡ እንተዘይተዋጋእካሉ ተፈራርሐሉ
—ረጅም ጦር ፡ ባይወጉበት ያስፈራሩበት

ነዊሕ ዘይዘሎ ፡ ሓፂር ዘይሰልኮ
—ረጅም የማይዘለው ፡ አጭር የማይሾልከው

ነውሐ ኢልካ ኣይትቕረፀሉ ፡ ሓፀረ ኢልካ ኣይትለቅበሉ
—ረዘመ ብለህ አትቁረጥለት ፡ አጠረ ብለህ አትጨምርበት

ነዓ ሆን ፣ አብ ዘይኾን
—ና ሆነ ፣ በማይሆን

ነዓይ ነንጭዋ'ዶ አብ ለቐታ በለት አንጭዋ
—እኔን አይጥን በስልቻ ! አለች አይጥ

ነዚ ክትግዕታዶ ትርህባ
—ይህንን ለማገንፋት ይደክማሉ

ነዚ ፈሪሓ ፣ ቀትሪ ምድሪ ንቤት ረጊሓ
—ይህንን ፈርታ ፣ በቀን በሩን ከፍታ

ነዛ ውሕጅ መን ይሳገራ ? ተስካር ዝረአየ ቀሺ
—ይህን ጕርፍ ማን ይሻገረዋል? ተዝካር ያየ ቄስ

ነዲአ ገዲፋስ ፣ ንሓፍትኖአ ትናፍቕ
—እናቷን ትታ አክስቷን ትናፍቃለች

ነዳይ ናይ ልቡ ይሓልም ፣ ለይቲ ዝረአየ ቀትሪ ህልም
—ደሃ የልቡን ያልማል ፣ ሌሊት ያየውን ቀን እልም

ነዳይ አብ ስደቱ ፣ ወተሃደር አብ ትዕቂቱ
—ድሃ በስደቱ ፣ ወታደር በትጥቁ

ነገረኛ ወዲ ሃገር ፣ ባርያ ደቀቡኡ ይኸውን
—ነገረኛ ያገር ልጅ ፣ የጠላቶቹ ባርያ ይሆናል

ነገረኛ ወጠጦ ፣ ንነብሪ ይሕንፍጦ
—ነገረኛ ወጠጤ ፣ ነብር ይቧጥጣል

ነገረይ ፣ አብ ከንፈረይ
—ነገሬ ፣ በከንፈሬ

ነገረይ ውዱእ ፣ ሓበይ ጉዱእ
—ነገሬ ያለቀ ፣ ኮሶየ የደቀቀ

ነገረይ ደሊኻኒ እምበር ፣ መንገደይስ አይምሳኻን
—ነገር ፈልገሽኝ ነው እንጂ ፣ መንገዴማ ካንተ ጋር አይደለም

ነገር ሐደ ሰሚዕካ አይትፍረድ ፣ ውራይ ዘይብልካ ዕዳጋ አይትውረድ
—ያንዱን ነገር ሰምተህ አትፍረድ ፣ ስራ ሳይኖርህ ገበያ አትውጣ

ነገር መላኺ ፣ ጉርዲ የብሉን
—ያሸናፊ ንግግር ፣ ግርድ የለውም

ነገር መንግስቲ ፣ ብትዕግስቲ
—የመንግስት ነገር ፣ በትእግስት

ነገር ምስ መውስቦ ፡ ዓሳ ምስ ኣጅቦ
—ነገር ከጋብቻ ፡ ኣሳ ከአይብ

ነገር ምእንቲ ኪጣፋእ ፡ ዳኛ ቐተል
—ነገር እንዲጠፋ ፡ ዳኛን ኣጥፋ

ነገር ቆልዓ ሰበይቲ ፡ ዳሕራያ ሕስምቲ
—የሴትና የልጅ ነገር ፡ ወደ መጨረሻው መጥፎ ነው

ነገር በዓል ጉድፎስ ፡ ኣብኡ ደኣ ትገድፎ
—የነጉድፎ ነገር ፡ እዛው ትተወዋለህ

ነገር ባሕሪ ፡ ካብ ባሕሪ ይገፍሕ
—የባህር ነገር ፡ ከባህር ይሰፋል

ነገር ብማእሽላይ ፡ መዓር ብሰንከላይ
—ነገር በአስታራቂ ፡ ማር በማር ቆራጭ

ነገር ብሸግግለ ፡ ጠጂ ብብርሌ
—ነገር በሸግግሌ ፡ ጠጅ በብርሌ

ነገር ብቕያ ፡ ፈረስ ብጉያ
—ነገር በዝና ፡ ፈረስ በሩጫ

ነገር ብተመኸር ፡ ሓዊን ብተንከር
—ነገር በምክር ፡ ብረት በጥበብ

ነገር ብዕርቂ ፡ መንገዲ ብደርቂ
—ነገር በእርቅ ፡ መንገድ ሲደርቅ

ነገር ብወቐሳ ፡ በደል ብካሕሳ ፡ እየን ዝዳቐሳ
—ነገር በወቀሳ ፡ ጥፋት በካሳ ይስማማሉ

ነገር ብወግዒ ፡ ሓዊ ብገልዒ
—ነገር በወግ ፡ እሳት በገል

ነገር ብዋና ፡ ደርፊ ብበገና
—ነገር በዋና ፡ ዘፈን በበገና

ነገር ብዋና ፡ ፅሕፈት ብብራና
—ነገር በዋና ፡ ፅህፈት በብራና

ነገር ብዘይ ዋና ፡ ትብታብ ብዘይመፅዓኛ
—ነገር አለ ዋና ፡ ጭነት አለ መጫኛ

ነገር ብያታ ፡ እኽሊ ብለቐታ
—ነገር በታሪክ ፡ እህል በስልቻ

ነገር ብጊሑቱ ፡ እኽሊ ብዕብሓቱ
—ነገር ከመጀመሪያው እህል ፡ በመከመርያው

ነገር ብፍታው ፡ እኽሊ ብእታው
—ነገር በውዴታ ፡ እህል በምርት

ነገር ነገር የምዕእ ፡ ዱግሪ ሓመድ የውዕእ
—ነገር ነገርን ያመጣል ፡ ድግር አፈር ያወጣል

ነገር ናበይ ደሊኻ ? ናብ ሃገር
—ነገር ወዴት ፈለግክ ? ወደ አገር

ነገር ናብ ዝወሰድካዮ ፡ ሙክት ናብ ዝሰሓብካዮ
—ነገር ወደ ወሰድከው ፡ ሙክት ወደ ሳብከው

ነገር ንመሃዚኡ ፡ ተመን ንተሓዚኡ ፡ እሾኽ ንሓፃሪኡ
—ነገር ለወጣኹ ፤ እባብ ለያዝው ፡ እሾህ ላጣሪው

ነገር ንመንጣሪኡ ፡ ሓዊ ንፀሓሪኡ
—ነገር ለቆስቋሹ ፡ እሳት ለጫሪው

ነገር ንኣንዲኡ ትልክም ፡ ምድሪ ንለባዲኡ ትጠቅም
—ነገር ለጫሪዋ ትተርፋለች ፡ መሬት ለመንጣሪዋ ትጠቅማለች

ነገር ንኣንዲኡ ትልክም ፡ ታኼላ ንኣታዊኡ ተስጥም
—ነገር ለጫሪዋ ትተርፋለች ፡ ረግረግ የረገጣትን ታሰጥማለች

ነገር ንወዓሊኡ ትልክም ፡ ረግረግ ንኣታዊኡ ተስጥም
—ነገር ለሚውልባት ትተርፋለች ፡ ረግረግ የረገጣትን ታሰጥማለች

ነገር ኣማድር ፡ ኣይተውዕል ኣይተሕድር ፡ ተመሊሱ ከይቃድር
—የአማድርን ነገር አታውል አታሳድር ፡ ተመልሶ እንዳይበተን

ነገር ኣብ ምጅማሩ ፡ እኽሊ ኣብ ምኹማሩ
—ነገር በመጀመሪያው ፡ እህል በመከመሪያው

ነገር ኣብ ፊቱ ፡ ሓሪጭ ኣብ መንፊቱ
—ነገር ከፊቱ ፡ ዱቄት ከወንፊቱ

ነገር እንተበዝሐ ፡ ብኣድጊ ኣይፀግንን
—ነገር ቢበዛ ፡ በአህያ አይጫንም

ነገር እንታይ ይደሊ ? ሽርተፍ፡ ቀሺ እንታይ ይደሊ ? መግደፍ
—ነገር ምን ይፈልጋል ? ስህተት ፡ ቁስ ምን ይፈልጋል? ዘኬ

ነገር ከም መልዓሊኡ ፡ ስጋ ከም ጠባሲኡ
—ነገር እንደ ጀግሪው ፡ ስጋ እንደ ጠባሹ

ነገር ከብዲ ፡ ይቕርፅ ከብዲ
—የሆድ ነገር ፡ ሆድ ይቆርጣል

ነገር ከይተፀየቐ አፈለ ፡ ፀብሒ ከይተፀየቐ ወሓለ
—ነገር ሳይበላሽ በአፍላው ፡ ወጥ ሳይበላሽ ባለሙያ

ነገር ከይፈለጥካ ምጉት ፡ ገለ ዘይብልካ ትዕቢት
—ነገር ሳታውቅ ሙግት ፡ ምንም ሳይኖርህ ትእቢት

ነገር ክሰሓሓት ካብፊቱ ፡ ሴፍ ክምዘዝ ካብ ሰገበቱ
—ነገር ሲሳሳት ከፊቱ ፡ ጐራዴ ሲመዘዝ ካፍቱ

ነገር ክጅመር ፡ እኽሊ ክኹመር
—ነገር ሲጀመር ፡ እህል ሲከመር

ነገር ካብ መጀመሪያ ፡ አሰር ካብ መሸጋገሪያ
—ነገር ከመጀመሪያ ፡ ዱካ ከመሸጋገሪያ

ነገር ካብ ድልይልይ ፡ ፅንሕ ይሓይሽ እልይ
—ነገር ከመፈለግ ፡ ዘወር ማለት ይሻላል

ነገር ወዲእካ ፈፅሚ ፡ ስጋ ወዲእካ ዓፅሚ
—ነገር ጨርሰህ ፍጥም ፡ ስጋ ጨርሰህ አጥንት

ነገር ዋጣ ፡ አስገጣጣ
—የአዝማሪ ነገር ፡ ሰፌ ነው

ነገር ጢፉ ፡ ሓሓሊፉ
—የጢፉ ነገር ፡ አልፎ አልፎ

ነገር ዘይፀገበ ፡ ጓል ዋጣ ይሕፀ
—ነገር ያልጠገበ ፡ የአዝማሪ ልጅ ያጫል

ነገር ዘዳገመን ፡ ዓውዲ ዘዳገመን ፡ ግዲኡ አይስእንን
—ነገር የደገመና አውድማ የደገመ ፡ ድርሻውን አያጣም

ነገር ዝሓዘስ ያኢ ፡ ጊላዋ ደቂ ሓዎብኡ
—ነገር የያዘ ፡ የጠላቶቹ አሽከር ይሆናል

ነገር ዝሰአነስ ፥ ነገር የዳምፅ
—ነገር ያጣ ፥ ነገር ያዳምጣል

ነገር ዝወዓሎ ዳኛ ይፈልጥ ፥ አሓ ዝወዓለኡ ጓሳ ይፈልጥ
—ነገር የዋለበትን ዳኛ ያውቃል ፥ ከብት የዋለበትን እረኛ ያውቃል

ነገር ዝደለየ ሹም ፥ መንጉዳ ደርሆ ይእዝዝ
—ነገር የፈለገ ሹም ፥ የዶሮ ሻኛ ያዛል

ነገር ዝደለየ ፥ ጓል ዋጣ ይሕፀ
—ነገር የፈለገ ፥ የእዝማሪ ልጅ ያጫል

ነገር ዝደለየት አንጭዋ ፥ አፍንጫ ድሙ ትልሕስ
—ነገር የፈለገች አይጥ ፥ የድመት አፍንጫ ትልሳለች

ነገር ዝደለየት ጥሕሎ ፥ አብ እንጣጢዕ ከይዳ ትልሎ
—ነገር የፈለገች ጥሕሎ ፥ ወደ ተልባ ሄዳ ትንከባለላለች

ነገርካ ዝደልየካ ፥ ርእስኻ ይተናኸየካ
—ነገር የፈለገህ ፥ ራስህን ይነካካሃል

ነገር ድልይልይ ፥ በትሪ ሃሰስ
—ነገር ፍለጋ ፥ ብትር መዳሰስ

ነገርካ ዳኛ አይመጉቶ ፥ ፀብሕኻ ጨው አይዝመቶ
—ነገርህን ዳኛ አይሞግተው ፥ ወጥህን ጨው አይብዛበት

ነጊፉ ነጊፉ ፥ ከይዳ ተደጊፉ
—ዘርግፉ ዘርግፉ ፥ ሄደች ተደግፉ

ነጋዳይ እንታይ ይደሊ? ደሓን ፥ ዕውር እንታይ ይደሊ? ብርሃን
—ነጋዴ ምን ይፈልጋል? ሰላም ፤ እውር ምን ይፈልጋል? ብርሃን

ነጋዳይካ ፥ ኮነ አይበልካ
—ነጋዴ ፥ ሆነ አይበልህ

ነፃነት የኸርዕ ፥ ስራሕ የብልዕ
—ነፃነት ያኮራል ፥ ስራ ያበላል

ነፊኻያ ሞተት ፥ ሓሪድካያ ሞተት
—ነጭተሃትም ሞተች ፥ አርደሃትም ሞተች

ነፋይ ሕሙሽሸቲ ፥ አብ ርእሱ ይምለስ
—አመድ የሚነፋ ፥ ወደ ራሱ ይመለሳል

ነፍስኻሲ ንእንኮ መዓልቲ ቅበየ'ሞ ፡ ንወትሩ ከተናብረካ
—ነፍስህን አንድ ቀን ጨክንባት ፡ ዘለአለም ታኖርሃለች

ኒሁግ ዝእቶቱ ፡ ማእምን ዝሓማቱ ፡ ቀልጢፉ ናብ ድኽነቱ
—ኑግ ምርቱ ፡ ባልቴት አማቱ ፡ ቶሎ ወደ ድህነቱ

ናብራ ፅቡቕዩ ምስ ፅድቂ ፡ ነፃነት ጥዑም'ዩ ምስ ሓቂ
—ኑሮ ጥሩ ነው ከፅድቅ ጋር ፡ ነፃነት ጣፋጭ ነው ከእውነት ጋር

ናተይ በለኒ ፡ ባህ ክብለኒ
—የኔ በለኝ ፡ ደስ እንዲለኝ

ናተይ ከሎኒስ ፡ ናይ አዳነይ ዘመኒ
—የራሴ እያለኝ ፡ የጓደኛየን መመኘት

ናተይ ዘይብል ምውት ፡ ናቱ ዘይገድፍ ምውት
—የራሴ የማይል የሞተ ፡ የራሱን የማይለቅ የሞተ

ናቱ ዝበልዕ ዕዳ የብሉ ፡ ዝመስሎ ዝዛብ ነውሪ የብሉ
—የራሱን የሚበላ እዳ የለው ፡ የተሰማውን የሚናገር ነውር የለው

ናትና ኢልናዶ ዘይናትክን ክንበክን ፡ ከም እሾኽ ዳንዴር መትሓዚ ዘይብልክን
—የኛ ነዎት ብለን ያለ ስራዎ እንዴት እንስጥዎት ፡ እንደ ደንደሮ እሾህ መያዣ የሌለዎት

ናትካስ ፡ ኣብ ኩሉ ይፅናሕካ
—የራስህ የሆነ ፡ የትም ይኑርልህ

ናውተ ፡ ርእሰይ ክብል ሞተ
—ናውተ ፡ ራሴን ሲል ሞተ

ናይ ህበይ ንጉስ ፡ ባዕሉ ይኹምር ባዕሉ የፍርስ
—የዝንጀሮ ንጉስ ፡ ራሱ ይከምራል ራሱ ያፈርሳል

ናይ ልቡ ዝገብር ፡ ኑዲኡ ነይነግር
—የልቡን የሚሰራ ፡ ለእናቱ አይነግርም

ናይ ልቡ ዝገብር ፡ ነይንድር
—የልቡን የሚሰራ ፡ አይቆጣም

ናይ ልቡ ዝነገርካዮ ፡ ይስሕቅ መጠን ዝኾርኳዕካዮ
—የልቡን የነገሩት ፡ የኰረኰሩትን ያህል ይስቃል

ናይ ልቡ ዝነገርካየ ፡ ዳርጋ ዝሓጐምካየ
—የልቡን የነገርከው ፡ በዋግምት እንዳገመከው

ናይ ልቡ ገባሪ ፡ ነይኩሪ
—የልቡን የሰራ ፡ አያኮርፍም

ናይ ልብኻ እንተዘዛርቡኻ ፤ ዕዳ ዘይብልካ እንተዝሰዱኻ
—የልብህን ቢያናግሩህ ፡ አለ እዳ ቢለቁህ

ናይ ሎሚ ሰብ መልሓሱ ማንታ ፤ ሓደ ንፍቕሪ ፡ ሓደ ንሕሜታ
—የዛሬ ሰው ምላሱ መንታ ፤ አንዱ ለፍቅር ፡ አንዱ ለሃሜታ

ናይ ሎሚ ዘመን ዘረባ ፡ ኣብ ቀቀረባ
—የዛሬ ዘመን ንግግር ፡ ከቅርቡ ነው

ናይ ሎሚ ዝመፀ ምፁ ፡ ንዓቕብ ገፁ
—ዛሬ የመጣ ሙጭጭላ ፡ ፊቱ ወደ ላይ

ናይ ሎሚ ዝመፀ ነገሶስ ፡ ወዳእ ማእምን
—ዛሬ የመጣ ነጐድጓድ ፡ መበለቶችን የሚፈጅ ነው

ናይ ሎሚ ገደደ ፡ ሰያብ ዝዓበደ
—የዛሬው ባሰ ፡ ሽበታም አበደ

ናይ ሓዊ እንተኾነ ይምለጥ ፡ ናይ ጉርሒ እንተኾነ ይፍለጥ
—የእሳት ከሆነ ይመለጣል ፡ የብልጠት ከሆነ ይታወቃል

ናይ ሓደ ገዛ ክይጠፍአ ፡ ናይ ሓደ ገዛ አይለምዕን
—የአንዱ ቤት ሳይጠፋ ፡ የአንዱ ቤት አይለማም

ናይ ሕሹክሹክ መርዓ ፡ ንፍትሕ የሽግር
—የሹክሹክታ ጋብቻ ፡ ለፍቺ ያስቸግራል

ናይ መሬት ብኣፍ ፡ ናይ ሰማይ ብመፅሓፍ
—የምድር በአፍ ፡ የሰማይ በመፅሃፍ

ናይ መዓልቲ መንሳዕ ፡ ነይርሳዕ
—የመንሳእ ቀን ፡ አይረሳም

ናይ ሞት ይፅናሕ ፡ ናይ ሕልፊት ይለቕስ
—የሞት ይቆይ ፡ ለድህነት ይለቀስ

ናይ ሞጎጎ ጠበቃስ ፡ ሰንቀልባ
—የምጣድ ጠበቃ ፡ ሰፌድ

ናይ ሰብ ሓዘኑ ፡ ቃንዛኡ
—የሰው ሃዘኑ ፡ ስቃዩ

ናይ ሰብ ብልሓቱ ፡ ንዝጊ ምፍላጥ እዩ ኣብነቱ
—የሰው ብልሃቱ ፡ እግዚአብሔርን ማወቁ ነው ኣብነቱ

ናይ ሰብ ንኡስ ፡ ይግዛእ ብግማድ
—የሰው ትንሽ ፡ ያገለግላል በቁራሽ

ናይ ሰብ ጐዶሎነት ሕሚታ ፡ ናይ ኣምባ መወዳእታ ሃፍታ
—የሰው ጐዶሎነት ሃሚት ፡ የእምባ መጨረሻ ቁልቁለት

ናይ ሰብኣይ ደግነቱ ፡ እንተዘይተናገረት ሰበይቱ
—የባል ደግነቱ ፡ ካልተናገረች ሚስቱ

ናይ ስዋ ክፍኣቱ ዘይምርካቡ ፡ ናይ ውላድ ክፍኣቱ ዘይምእካቡ
—የጠላ ክፋቱ ፡ አለመገኘቱ ፡ የልጅ ክፋቱ አለመጦሩ

ናይ ቆልዓ ነገር ክልተ ፍረ ፡ ሐደ ብሱል ሐደ ጥረ
—የልጅ ነገር ሁለት ፍሬ ፡ አንዱ ብስል አንዱ ጥሬ

ናይ ቀታል ነፍሲ ምልክቱ ፡ ደም ኣበግብዕቱ
—የነፍሰ ገዳይ ምልክቱ ፡ ደም በጣቱ

ናይ ቃል ይርሳዕ ፡ ናይ መፅሓፍ ይውሰእ
—የቃል ይረሳል ፡ የመፅሃፍ ይታወሳል

ናይ ቅጫ እንተኾይኑ ይጠፍእ ፡ ናይ ጥንሲ እንተኾይኑ ይደፍእ
—የቂጣ ከሆነ ይጠፋል ፡ የእርግዝና ከሆነ ይገፋል

ናይ በዓለን ሃይማኖት ፡ ካብ ጅማት ይኸርር
—የባለጌ ሃይማኖት ፡ ከጅማት ይጠነክራል

ናይ ተመልሶ ፡ ክንምለሶ
—የተመልሶ ፡ እንመለስበታል

ናይ ትሕትና ቢትሪ የውቅዕ ፡ ናይ ትሕትና ብልዒ የሕዋእ
—የትህትና ብትር ያስመታል ፡ የትህትና መብል ሃጥያት ውስጥ ያስገባል

ናይ ነገር ጣዕሙ ዝግታ ፡ ናይ ፈላጥ ጣዕሙ ሱቕታ
—የነገር ጣእሙ ዝግታ ፡ የአዋቂ ጣእሙ ዝምታ

ናይ ንጉስ ሞትን ፡ ናይ ፀሓይ ዕርበትን
—የንጉስ ሞትና ፡ የፀሃይ ጥልቀት

ናይ ንጉስ ዕዳ ፣ ኣይሓድርን ምድረበዳ
—የንጉስ እዳ ፣ አያድርም ምድረበዳ

ናይ ኣቡኡ ዘጥፍእ ፣ ክጠፍእ
—የአባቱን የሚያጠፋ ፣ ሊጠፋ

ናይ ኣቡኡ ዝረኸበ ህይወቱ ፣ ናይ ኣቡኡ ዝስእነ ሞቱ
—ያባቱን ያገኘ ህይወቱ ፣ ያባቱን ያጣ ሞቱ

ናይ ኣቦ ንመን ንሃቦ ፣ ናይ ወደቦ ይጽናሕ ብጎቦ
—የአባትን ለማን ይሰጠ ል ፣ የጠላት ግን በጐን ይቆይ

ናይ ኣቦ ዕዳ ንውሉድ ፣ ና'የፍንጫ ርስሓት ንኢድ ይተርፎ
—የአባት እዳ ለልጅ ፣ የአፍንጫ እድፍ ለእጅ ይተርፋል

ናይ ኣቦኻ ዕምሳን እኳ ፣ ኣይጉሰኻ
—የአባትህ ውርስ ፣ አይቅርብህ

ናይ ኣቦኻ የናብረካ ፣ ናይ ጓና የናግረካ
—የአባትህ ያኖርሃል ፤ የባዳ ያናግርሃል

ናይ ኣናፁ ዝላ ፣ ንደማሙ ጓይላ
—የአይጦች ሩጫ ፣ ለድመቶች ጭፈራ

ናይ ኣደ የቋርስ ፣ ናይ ኣቦ የዋርስ
—የእናት ለቁርስ ፣ የአባት ለውርስ

ናይ ኣዲኡ ነዓዓ ፣ ናይ ኣቡኡ ንዕኡ
—የእናቷ ለሷ ፣ የአባቱ ለሱ

ናይ ኣፍ ስቕታ ፣ ኣይነቅዝን ከም ለቕታ
—የአፍ ዝምታ ፣ አይነቅዝም እንደ ስልቻ

ናይ ኣፍ ኣማኒ ፣ ይገብረካ ለማኒ
—የአፍ አማኝ ፣ ያደርግሃል ለማኝ

ናይ ኢድ ብልሓት ባርነት ፣ ናይ ኣፍ ብልሓት ጐይትነት
—የእጅ ብልሃት ባርነት ፣ የአፍ ብልሃት ጌትነት

ናይ እምቢ ልቢ ፣ ናይ ከብቲ ግምቢ የልቦን
—የእምቢታ ልብ ፣ የከብት ግምብ የለም

ናይ እትፀልአ ቀልቀል ፣ ኣብ ጎኡ ከሎ ይጨኑ
—የምትጠላው ሰው አር ፣ በሆዱ ውስጥ እያለ ይገማል

ናይ እንጀራ እንተኾነ ይጠፍእ ፡ ናይ ቆልዓ እንተኾነ ይደፍእ
—እንጀራ ከሆነ ይጠፋል ፡ ልጅ ከሆነ ይገፋል

ናይ ከልቢ ትሕትና ፡ ካህን ኮይኑ ዕብድና
—የውሻ ትህትና ፡ የካህን እብደት

ናይ ኩሉ ኣም እሾኽ ይወፅእ ፡ እሾኽ ወይቦ ዘይወፅእ
—የሁሉ ዛፍ እሾህ ይወጣል ፡ የወይባ እሾህ ግን አይወጣም

ናይ ክፉእ ሰብ ተዝካር ፡ ክትበልዖ የቕሕር
—የክፉ ሰው ተዝካር ፡ ሲበሉት ያቅራል

ናይ ዋሕስ ተማጓቲ ፡ ናይ ድውይ ፈትፋቲ
—የዋስ ተሟጓች ፡ የቆማጣ ፈትፋች

ናይ ውሉድ ክፍኣቱ ፡ ብተሎ ሙማቱ
—የልጅ ክፋቱ ፡ ዶሎ መሞቱ

ናይ ዕዳጋ ዕግርግር ፡ ነንሓድሕድካ የፋግር
—የገበያ ግርግር ፡ እርስ በርስ ያዘራርፍ

ናይ ዓሻ ምስጋና ፡ ናይ ግንቦት ደመና
—የሞኝ ምስጋና ፡ የግንቦት ዳመና

ናይ ጋሻ ምስጋና ፡ ናይ ግንቦት ደመና ኣይእመንን
—የእንግዳ ምስጋና ፤ የግንቦት ደመና አይታመንም

ናይ ጨው ገደል ክፈርስ ፡ ለባም የልቅስ ዓሻ ፡ ይልሕስ
—የጨው ገደል ሲናድ ፡ ብልጥ ያለቅሳል ፡ ሞኝ ይልሳል

ንሃላይ እንታይ ፀብሕካ ? ኣይትበሎ ፡ ኣብ ክዳኑ ኩለሎ
—ምኝን ምን አይነት ወጥ አጠቀስክ ? አትበለው ፡ ልብሱን ፈትሸው

ንሃገርካ ልግሲ ፡ ወርቂ ልብሲ
—ለአገርህ ቸርነት ፡ የወርቅ ልብስ

ንህሩፍ ሰብ ፍትፍት ፡ ኣርኢኻ ዒባ ኣኽልሶ
—ለስግብግብ ሰው ፡ ፍትፍት አሳይተህ እበት አጉርሰው

ንህቢ ምስመዓረ ፡ ባይቶ ምስተኣከበ ፡ ኣበይ'ሞ ይረኽቡ
—ንብ ማር ከሰራ ፡ ሸንጎ ከተሰበሰበ፡ ታድያ የት ይገኙ

ንህቢ ርኽብ እምበር ፡ ግዲ ቅርቅረዶ ኣድልዩካ ?
—ንብ አግኝ እንጂ ፡ የግድ መሪ ወፍ ለምን አስፈለገህ ?

ንህቢ ኪወፍር ፣ ሓዙር ተመልከት
—ንብ ሲሰማራ ፣ አጥር ተመልከት

ንህብን ቀሽን ፣ እናረአዩ ኣብ ሓዊ ይኣትዉ
—ንብና ቄስ ፣ እያዩ እሳት ውስጥ ይገባሉ

ንህደም ዝበለ ፈራሕ ይመስል ፣ ንብላዕ ዝበለ ህሩፍ ይመስል
—እንሽሽ ያለ ፈሪ ይመስላል ፣ እንብላ ያለ ስግብግብ ይመስላል

ንለባም ተወከስ ፣ ከይትሽውን በሃም
—አስተዋይን ጠይቅ ፣ ደንቆሮ እንዳትሆን

ንለባም አምተሉ ኣበይ ከይስሕቶ ፣ ንዓሻ ደርጓሉ ኣበይ ከይፈልጦ
—ለብልህ ጀምርለት አይስተውም ፣ ለሞኝ በግልፅ ንገረው አይገባውም

ንለባም ኣይትመድረሉ ፣ ንኣንበሳ ኣይትገምደሉ
—ለብልህ አይነግሩ ፣ ለአንበሳ አይመትሩ

ንላም ቀርና ኣይከብዳን ፣ ንበቕሊ ኣድጊ ኣይትወልዳን
—ላም ቀንዲ አይካብዳትም ፣ በቅሎን አህያ አትወልዳትም

ንልዕሌኻ ኣኽብሮ ፣ ንትሕቴኻ ዘክሮ
—የበላይህን አክብረው ፣ የበታችህን አስታውሰው

ንሓሳዊ ዝኣመነን ፣ ንማይ ዝሓቕነን ሓደ
—ውሸታምን ያመነና ፣ ውሃ የዘገነ አንድ ነው

ንሓርማዝ ኣይትምከል ንዘይትፀግበልካ ፣ ንዓሻ ኣይትምዓድ ንዘይሰምዐካ
—ለዝሆን ሳር አትጨድለት ላይጠግብልህ ፣ ለሞኝ አትምከረው ላይሰማህ

ንሓቂ ዓድጋ እምበር ፣ ኣይትሽጣ
—እውነትን ግዛት እንጂ ፣ አትሸጣት

ንሓደ ከይዕምብር ፣ ንኽብዱ ይጠምር
—አንድን ሰው እንዳያበላ ፤ ጠሙን ይውሳል

ንሓደ ክረኽባ ፣ ንሸውዓት ጨው የምቅራ
—አንድን ሰው ለማጥቃት ሲሉ ፤ ለሰባቱ ጨው ያበዛሉ

ንሓደ ዝበፅሐ ፣ ንሓደ ይፀንሐ
—ለአንዱ የደረሰው ፤ ለአንዱ ይጠብቀዋል

ንሓዳርካ ከመይ ኣቢልካ በተንካዮ ፡ ኣዕበድቢደ ፡ ከመይ ኣቢልካ ኣከብካዮ ኣባቢደ
—ትዳርህን እንዴት ኣርገህ በተንከው ? ኣብጀ እንዴት ኣርገህ ሰበሰብከው ፤ ኣባብየ

ንሓውካ ወይ ምቕሎ ወይ ቕተሎ ፡ ኣይትቕተሎ ምቕሎ
—ወንድምህን ወይ ኣካፍለው ወይ ግደለው ፤ ኣትግደለው ኣካፍለው

ንሓያል ወይ ዝበለካ ግበረሉ ፡ ወይ ሰፈር ልቐቕሉ
—ሃይለኛን ወይ ያለህን ኣድርግለት ፡ ወይ ሰፈር ልቀቕለት

ንሓጥያት ተነሲሕካ ፡ ንበደል ክሓስካ ፡ ንመዓት ተማህሊልካ
—ሃጢኣት በንስሃ ፡ በደል በካሳ ፡ መኣት በምህላ

ንሓፂን ብተኽከር ፡ ንሰብ ብተመከር
—ብረትን በጥበብ ፡ ሰውን በምክር

ንሕሙም ፡ ምውት ይበፅሐ
—በሽተኛን ፡ የሞተ ይጠይቀዋል

ንሕማም ርእሲ ዓው በለሉ ፡ ንቕርፀት ክብዲ ብልዓሉ
—ለራስምታት ጭሁበት ፡ ለሆድ ቁርጠት ብላበት

ንሕምቶዶ ኣልይዎ ሕቶ
—ለዱለት ጥያቄ ኣለው ወይ !

ንሕምነት ፡ ክልኣላ ውርዝነት
—ለኣሚቻ ጋብቻ ፤ መኩራራት ኣያስፈልገውም

ንሕረስ ንሕረስ ፡ ንኹልና ክሕሸ
—እንረስ እንረስ ፡ ለሁላችን እንዲበጅ

ንሕና ልቢ ኣለና ፡ ኣሐና ቀርኒ ኣለወን
—እኛ ልብ ኣለን ፡ ከብቶቻችን ቀንድ ኣላቸው

ንሕና ብሰብ ፡ ሰብ ብእና
—እኛ በሰው ፤ ሰው በኛ

ንሕናን ጨኒቑና ፡ እምበይተይን ይጠርጣ
—እኛ ችግሮን ፡ እሜቴ ይፈሳሉ

ንመስከረም ዝቕስል እግሪ ፡ ሰነ ሃመማ ይዓልብዎ
—በመስከረም የሚቆስል እግር ፡ በሰኔ ዝምቦች ያርፉበታል

ንመርፍእ ፡ ማሕረሻ ይመባዕዑላ
—ለመርፌ ማረሻ ፡ ይሳሉላታል

ንመሸላ ቆላ ፡ ንዓደ'ቦ ዋዕላ
—ለማሸላ ቆላ ፡ ለባላባት ሸንጐ

ንመሸላ ዋላ ፡ ንዓደ'ቦ ዋዕላ
—ለማሸላ ማማ ፡ ለባላባት ሸንጐ

ንመሸጥ ፡ በለ መላጥ
—እናበጥር አለ መላጣ
ንመን አለዎ እዝኒ አለዎ ፡ ንሚስ ዘይብሉ ማይ አለዎ
—ለማን አለው እግዚአብሔር አለው ፡ ጠጅ ለሌለው ፡ ውሃ አለው

ንመን ትመያ መን ይመፃ ትመያ
—ማን ትመጣለታለች ለሚባል ፡ ማን ይመጣላታል የምትባል ፡ ትመጣለታለች

ንመዓልቲ ቆፀሮ ፡ ንሰበይቲ ወይዘሮ በላ
—ለቀን ቀጠሮ ፡ ለሴት ወይዘሮ በል

ንመዓርን አምሪሩ ፡ ንፀባን አጠቑሩ
—ማሩን አምሮ ፡ ወተቱን አጥቁሮ

ንመኽታ ዋልታ ፡ ንዘረባ ናዕታ
—ጋሻ ለመመከት ፡ ለንግግር ቁምነገር

ንመድሃኒት ተፀዊግካ ፡ ንሽልማት ተዋጊእካ
—መድሃኒትን ኮስተር ብለህ ፡ ሽልማትን ተዋግተህ

ንማይ እምኒ የናግሮ ፡ ንዓሻ ትምህርቲ ይመኽሮ
—ውሃን ድንጋይ ያስጮኸዋል ፡ ሞኝን ትምህርት ይመክረዋል

ንምራኽ ፡ አዲአ ጠይቕካ ተዋገያ
—ጥጃ ለመግዛት ፡ እናትየዋን ጠይቀህ ተስማማ

ንምራኽ እንታይ የዕብየ ዓርጋ ፡ ንፀባ እንታይ የብዝሑ መዝረጋ
—ጥጃ ምን ያሳድገዋል ? አረሩ ፡ ወተት ምን ያበዘዋል ? መናጥ
ንምድሪ አይህቡላን ስድሪ ፡ ንርስቲ ይዋግኣላ አንስቲ
—ለምድር ስንዝር አይሰጡባት ፡ ለርስት ሴቶች ይዋጉላት

ንሞት ውሽማ ፡ ርእሲ አይንፀዮን
—ለውሽማ ሞት ፡ ጠንር አይነጭለት

ንሞት ፈራህካያ፡ንምህዳም ፈራህካያ፡ብምንታይ ደአ ትሓልፍ ኢልካያ
—ሞትን ፈራህ ፡ መሸሽም ፈራህ ፡ ታዲያ በምን ታልፋለች ብለህ ነው

ንርእሱ ክነዓቕ ዝደሊ ፡ እናፈለጠ ይሕሱ
—እንዲናቅ የሚፈልግ ፡ እያወቀ ይዋሻል

ንርእሱ ዘይጠቅም ፡ ንኻልኦት አይረብሕን
—ራሱን የማይጠቅም ፡ ለሌሎችም አይረባም

ንርእሱ ዘይገዝእ ፡ ንሃገር ነይገዝእ
—ራሱን የማይገዛ ፡ አገር አይገዛም

ንርእሶም ሓዲጎም ዝሃብዎ ጋሻ ፡ እንታይ ስኢኖም ይብል
—የራሳቸውን ትተው የሰጡት አንግዳ፡ ምን አጡ ይላል

ንርእሶም ክቕርሱ ፡ አየንእሱ
—ለራስ ሲቆርሱ፡ አያሳንሱ

ንሰምዕ ፡ በለ ፀማም
—እንሰማለን አለ ደንቆሮ

ንሰበይቲ ብሕርማ ፡ ንሰብኣይ ብአፉ ዝወፀ ፡ ይቕትሎም
—ሴትን በእርሟ ፡ ወንድን በአፉ የወጣ ፡ ይገድላቸዋል

ንሰበይቲ አይትእበያ ከይትፀልኣካ፡ አይትፃዕድወላ ከይትሊምደካ
—ሴትን እምቢ አትበላት፡እንዳትጠላህ፤ ደግ አትሁንላት እንዳትለምድህ

ንሰበይቲ ዕውር፡ ንሱ ብኾፉ ይጠቓቕሱሉ
—የአይነ ስውር ሚስት፡ አያለ ይጠቅሷታል

ንሰበይቲ ዝኣመነን፡ ንግሞ ዝዘገነን
—ሴት ያመነና፡ ጉም የዘገነ

ንሰበይቲ ጎሎ ሃባ፡ልቢ ይሃባ
—ለሴት ፈረሰኛ ስጣት ፡ ልብ ይስጣት

ንሰበይትኻ መዓር ሃባ ብዋንጫ ፤ ልቢ እንተለዋ ትህበካ በዕቢኻ፡ እንተዘይብላ ትውድአ አልሚኻ
—ለሚስትህ ማር በዋንጫ ስጣት ፡ ልብ ካላት በጥብጣ ትሰጥሃለች፡ ከሌላት ልሳ ትጨርሰዋለች

ንሰባርስ ነቃዕ ይሓምዮ
—ሰባራን ስንጥቅ ያማዋል

ንሰብ ሃገሩ ምግባሩ
—የሰው ሃገሩ ምግባሩ

ንሰብ ምስሉ ፣ ንመላዐ ምስሓሉ
—ለሰው አምሳያውን ፣ ምላጭ ስለቱን

ንሰብ ኣይተቐልል ፣ ከይትብል ዕንኪሊል
—ሰውን አታቅልል ፣ እንዳትንቀዋለል

ንሰብ ኣይትንዓቆ ንእኽሊ ኣይትርሓቆ
—ሰውን አትናቀው ፣ እህልን አትራቀው

ንሰብ እተፀግአ ፣ ንሰብ ወግዐ
—ከሰው የተጠጋ ፣ ሰውን ወጋ

ንሰብ እንተበልካ ግብ ክትብል ፣ ንዝኒ እንተበልካ ክብ ክትብል
—ለሰው ካልክ ትጠፋለህ ፤ ለእግዚአብሔር ካልክ ከፍ ትላለህ

ንሰብ እንታይ የእርን ? ሓሳብ ፣ ንኽዳን እንታይ የእርን ? ምሕፃብ
—ሰው ምን ያስረጀዋል ? አሳብ ፣ ልብስ ምን ይጨርሰዋል? ማጠብ

ንሰብ ካብ ምልማን ፣ ንዝኒ ምእማን
—ሰውን ከመለመን እግዚአብሔርን ማመን

ንሰብ ዝኣመነን ፣ ንማይ ዝሓቐነን ሓደ
—ሰውን ያመነና ውሃ የናጠ አንድ ነው

ንሰብ ፀላእቱ ፣ ይወፁ ካብ ቤቱ
—የሰው ጠላቱ ፣ ይወጣል ከቤቱ

ንሰብ ፈለማ ጨርቂ ፣ ዳሕራይ ወርቂ ኣቐምጠሉ
—ለሰው መጀመሪያ ጨርቅ ፣ ኋላ ወርቅ አስቀምጥለት

ንሰብ ፍተዎ እምበር ፣ ኣይትእመኖ
—ሰውን ውደደው እንጂ ፣ አትመነው

ንሰይጣን ፣ ኣይትሃቦ ስልጣን
—ለሰይጣን ፣ አትስጠው ስልጣን

ንሱ ብንሱ ፣ ስጋ ብኽቦ ጠበሱ
—እሱ በሱ ፣ ስጋ በኩበት ጠበሱ

ንሱ ኪህብ መን ይኽልእ ፣ ንሱ ክፈቱ መን ይፀልእ
—እሱ ሲሰጥ ማን ይከለክላል ፣ እሱ ሲወድ ማን ይጠላል

ንሳ መሰስ ዓላ መሰስ ፣ ብድሕሪኣ ክልቢ ሃሰስ
—እሷ መሰስ ልጇ መሰስ ፣ ከ ላጥ ውሻ ዳሰስ

ንሳ ክትፀርፈኒ መፂኣ ፣ እነን መመሪፀ ሒዘላ
—እሷ ልትሰድበኝ መጣች ፣ እኔም መርጨ ይገርላታለሁ

ንሳቶም ቆላዑ አንስቶም መራዑ ፣ ንዓታተን እንተረአዩ ይስሕቹ ፤ ኩናት እንተርአዩ ይነብዑ
—እነሱ ልጆች ፣ ሚስቶቻቸው ሙሽሮች ፣ እነሱን ሲያዩ ይስቃሉ፣ ጦር ሲያዩ ፣ ያነባሉ

ንሴፍ በውላጋኣ ዝሓዛ ይመልካ
—የሰይፍን እጀታ የያዘ ያሸንፋል

ንስሙ ፣ ቤተክርስቲያን ይሳለሙ
—ለስሙ ፣ ቤተክርስቲያን ይስሙ

ንስሱዕ ሓደው ይውድቆ ፣ ሓደው ይሓንቆ
—ስስታም አንድ ያንቀው ፣ አንድ ይወድቀው

ንስረኻ ብኽሳድካ አውዕአዮ ፣ ንቁርበት ብማይ ኣልፍዓዮ
—ሱሪህን ባንገትህ አውጣው ፣ ቆዳን በውሃ አልፋው

ንስኻ እንተዘይ ትደፍኣኒ ፣ ሙን መዕደፈኒ
—አንተ ባትገፋኝ ፣ ማን ገደል ውስጥ ይከተኝ ነበር

ንስኻ ክትአምነኒ ሙን ክኽሕደኒ ፣ ንስኻ ክትክሕደኒ መን ክአምነኒ
—አንተ ስታምነኝ ማን ይክደኛል ፣ አንተ ስትክደኝ ማን ያምነኛል

ንስኻ ክትድቅስ ፣ ጐረቤትካ ይደቅስ
—አንተ እንድትተኛ ፣ ጐረቤትህ ይተኛ

ንሽመት እንተዘይመኽሩሉ ፣ ንኹርምቲ እንተዘይፈትፈትሉ
—ለሹመት ካልመከሩለት ፣ ለመንጋጋ ካልፈተፈቱለት

ንሽረ መን እንተሰገረ ፣ ነስገደ መን እንተሰደደ
—ወደ ሽሬ ማን ቢሻገር ፣ ወደ አስገደን ማን ቢላክ

ንሽሮ ጠስሚ ተሓወሶ መቀረ ፣ ንሰንበት በዓል ተሓወሶ ከበረ
—በሽሮ ቅቤ ተጨመረ ፣ ጣፈጠ ፤ በእሁድ በአል ተጨመረ ፣ ከበረ

ንቀሊል ምስጢር ምንጋር ፣ አብ ቀዳድ ለቆታ ጣፍ ምቁፃር
—ለቀላል ሰው ሚስጢር መንገር ፣ በቀዳዳ ስልቻ ጤፍ መቋጠር

ንቐላዑ ክብሉ ይበልዑ ፣ ንወገን ክብሉ ይፃልኡ
—ለልጆች ሲሉ ይበላሉ ፣ ለወገን ሲሉ ይጣላሉ

ንቐልዓ ስኒ ኣይተርኢ ፡ ንዕንዕያ ቁስሊ ኣይተርኢ
—ለልጅ ጥርስ ፡ ለዝምብ ቁስል ኣያሳዩም

ንቐልዓ ብዑንቂ ፡ ንዓቢ ብንፍቂ ይጥብርዎ
—ልጅን በጫሌ ፡ ኣዋቂን በዳውላ ያባብሉዋቸዋል

ንቐልዓ ኣይጠቅምን ምስዓም ፡ እንበለ ምጥዓም
—ልጅን መሳም ኣይጠቅመውም ፡ ማጉረስ እንጂ

ንቐልዓ እንታይ የዕብዮ ? መግቢ ፡ ንሓረስታይ እንታይ የፍጥኖ ? ዘርኢ
—ልጅን ምን ያሳድገዋል ? ምግብ ፤ ገበሬን ምን ያፈጥነዋል ? ዘር

ንቐልዓ ዑንቂ ፡ ንጥሙይ ንፍቂ
—ለልጅ ጨሌ ፡ ለተራበ ዳውላ

ንቐልዓ ክብላ ይበልዓ ፡ ንኣመለን ክብላ ይዕልኣ
—ለልጅ ሲሉ ይበላሉ ፡ በኣመላቸው ይጠላሉ

ንቐልዓ ዝነገርካዮ ፡ ኣብ እምኒ ከም ዝፀሓፍካዮ
—ለልጅ የነገርከው ፡ ድንጋይ ላይ እንደፃፍከው

ንቐልዓ ገዕ ኣይተርኢ ፡ ንሃመማ ቁስሊ ኣይተርኢ
—ለህፃን ፊት ፡ ለዝምብ ቁስል ኣታሳይ

ንቐሺ ፡ ዓለምን ሰቡን ሰይጣኑ
—ለቂስ ፡ ኣለምና ዘመዶቹ ሰይጣኑ

ንቐዕ ከበደኒ እናበልኩስ ፡ ርሑስ በበቲኻ ትውስኽሉ
—ደረቁ ከበደኝ እያልኩ ፡ እርጥብ ትጨምርበታለች

ንቕንኣት ፡ የብሉ ዕንዓት
—ለቅናት ፡ የለውም ዕናት

ንቕርበት ዕንጉለ ይመልጦ ፡ ንጐራሕ ኣሉላ ይፈልጦ
—ቆዳን እምቧይ ይመልጠዋል ፡ ብልጥን ብልጥ ያውቀዋል

ንበር ኣብ መንበረይ ፡ ተዛረብ ብኽንፈረይ
—ተቀመጥ በወንበሬ ፡ ተናገር በክንፈሬ

ንበዓል በሊሕ ዓይኒ ፡ በዓል በሊሕ ምሳር ቀደሞ
—አትኩሮ ከሚያይ ይልቅ ፡ ስል መጥረቢያ ያለው ቀደመ

ንበዓል ኣፍዶ ንበዓል ጣፍ ክህበኪ ?
—ለአፈኛ ወይስ ለባለ ጤፍ ልስጥሽ ?

ንበዓል እንጀራኻ ምኽሮ ምኽሮ ፥ እንተኣበየ መከራ ይምከሮ
—ባልንጀራህን ምከረው ምከረው ፥ እምቢ ካለ መከራ ይምከረው

ንበዓል ውኖ ፥ ንእሽቶይ ይኽኖ
—አእምሮ ላለው፥ ትንሽ ይበቃዋል

ንበዓል ጠበንጃ ዘይተተኩስ ፥ ንእግረኛ ዘይተብዕሕ
—ባለጠመንጃን የማታስተኩስ ፥ እግረኛን የማታደርስ

ንበዓል ጣፍ ይበልዖ በዓል አፍ
—ባለ ጤፍን አፈኛ ይበልጠዋል

ንበይናዶ ተወሊዳ ገዝሚ እተውሕደላ
—ብቻዋን ነው ወይ የተወለደችው? ጥሎሽ የምታሳንስባት

ንቡር ፈትን ፥ ማዕዖ አገፍትን
—ትዳር ሞክር ፥ በር ገርበብ አድርግ

ንባዕዲ ዘስተኻዮ ኮሶ ፥ ደም ሐዊሱ የምልሶ
—ለባዳ ያጠጣኸው ኮሶ ፥ ደም ቀላቅሎ ያስተፋዋል

ንቤተክርስቲያን ዘገልገለ ዕድዊ ፥ ንንጉስ ዘገልገለ ወርቂ
—ቤተ ክርስቲያንን ያገለገለ ዕድቅ ፥ ንጉስን ያገለገለ ወርቅ

ንቤተ ክርስቲያን ዝኸስስ ዕድዊ ፥ ንንጉስ ዝወቅስ ወርቂ የብሉን
—ቤተ ክርስቲያንን የሚከስ ዕድቅ ፥ ንጉስን የሚወቅስ ወርቅ የለውም

ንቤት ገንዙ ፥ ንተመን ሕንዙ ፥ ንግራት ወንዙ የፍልጦ
—ቤት በመሰረቱ ፥ እባብ በመርዙ ፥ ማሳ በአካባቢው ይታወቃል

ንብላዕ ዝበለስ ፥ በላዒ ይመስል
—እንብላ ያለ ፥ ሆዳም ይመስላል

ንብልሂ አይንግሩ ፥ አንበሳ አይመትሩ
—ለብልህ አይነግሩ ፥ ለአንበሳ አይመትሩ

ንብልዒ አይነግሩ ፥ ንፍርሃት አይነግሩ
—ለመብል አይናገሩ ፥ ለፍርሃት አይናገሩ

ንብረት የናብር ፥ ሕጊ የከባብር
—ንብረት ያስተዳድራል ፥ ህግ ያከባብራል

ንብርቱዕ ነገር አይትረበዐሉ ፥ ንነዊሕ መገዲ አይትደየየሉ
—ለከባድ ነገር አትቸኩል ፥ ለረጅም መንገድ አትፍጠን

ንብር ነቢራ ፡ ዕውር ተመርዕያ
—ኖራ ኖራ ፡ እውር አገባች

ንብር ነይራስ ፡ ጥቅምቲ ሕዳር ትሓርስ
—ኖራ ኖራ ፡ በጥቅምትና ህዳር ትወልዳለች

ንብዕራይ ፡ ምራን ትኽእሎ ፡ ካብኡ ተፈጢራ
—በሬን ፡ ጠፍር ታሽንፈዋለች ከሱ ተፈጥራ

ንተስታይ ጋብላን አርእዩ ፡ አሃን አይትበሎ
—ለወይፈን ገንዳ አሳየው ፡ ተመለስ አትበለው

ንተርባብ ፡ ትአኽሎ ግርባብ
—ለስንዝር ትበቀዋለች ግርባብ

ንትሾመ ተኽተሎ ፡ ንተሳዕረ ተሰበሎ
—የተሾመን ተከተለው ፡ የተሻረን ክዳው

ንተሾመ ይማጐትሉ ፡ ንተሳዕረ ይሻኣሸኹሉ
—ለተሾመ ይሚገቱለታል ፡ ለተሻረ ይንሻኣሸኩበታል

ንተኽዳን ዳባ ፡ ነገርካ አይትሃባ አይትሃባ
—ለዳባ ለባሽ ነገርህን አትስጣት አትስጣት

ንትአምኖ ሕቑፎ ፡ ንትፀልኦ ንቑፎ
—የምታምነውን እቀፈው የምትጠላውን ንቀፈው

ንትፀልኦ ፡ እትፈትዎ ሂብካ ስደዶ
—ለምትጠላው የምትወደውን ሰጥተህ ሸኘው

ንነዊሕ ነገር አይትጉሃየሉ ፡ ንነዊሕ መገዲ አይትፍጠነሉ
—ለረጅም ነገር አትዘንበት ፡ ለረጅም መንገድ አትፍጠንበት

ንነዊት ጨነኞ ፡ ብደሓር ዕርፊ ጠወኞ ፡ ብቅድሚት እርዐት ሓነኞ
—ሞፈርን ጨነቀው ፡ ከኋላ እርፍ ተጫነው ፡ ከፊት ቀንበር አነቀው

ንነኳዕ መሰንተር ፡ ንሓባል ኩሕሲ ዘየሳኒ
—ለራስ በራ ማበጠሪያ ፡ ላበላ ኩል አይስማማም

ንነገር ቀጥቀጥ እናበሉ የምዕእዎ ፡ ቀጥ ዝበሉ ይፈርድዎ
—ነገርን እየተንቀጠቀጡ ያመጡታል ፡ ቀጥ ያሉ ይፈርዱታል

ንነገር ነገር የተንስኡ ፡ ንሞት ዕጋብ የረስዖ
—ነገርን ነገር ያነሳዋል ፡ ሞትን ጥጋብ ያስረሳዋል

ንነገር ክሽውን እምበር ንህውከት ፡ ዳኛ ከዘር የካዶ ይምጐት
—ለነገር ነው እንጂ ለሁከት ፡ ዳኛ እያደላ እንዴት ትሟገት

ንነግረን ንነግረን ፡ ሽውዓተ እግረን
—ስንነግራቸው ስንነግራቸው ሰባት እግራቸው ፡

ንንኡስ አይትበድል ፡ ንሐዋሩ ዝውድል
—የሚያድግን ልጅ አትበድል ፡ ወደፊት ይጎረምሳልና

ንንጉስ ዝሓስብ ወርቂ ፡ ንቤተ ክርስቲያን ዝሓስብ ፅድቂ
—ለንጉስ የሚያስብ ወርቅ ፡ ለቤተ ክርስቲያን የሚያስብ ፅድቅ

ንንጉስ ዝበሎ ገንዘብ ፡ አብ ውሻጠ ከሎ ይስዕስዕ
—ለንጉስ ያለው ገንዘብ ፡ ጓዳ እያለ ይጨፍራል

ንንጉስ ዝአመነን ፡ ማይ ዝሓቐነን ሓደ
—ንጉስ ያመነና ፡ ውሃ የናጠ አንድ ነው

ንአምበሳ አይምተር ፡ ንለባም አይምከር
—ለአንበሳ አይመትሩ ፡ ለብልህ አይመክሩ

ንአንፊ ውራዮም ፡ ይሸጡ ብዕራዮም
—እግረ መንገዳቸውን ፡ በሬአቸውን ይሸጣሉ

ንአድጊ ስጋ ፅሚንካዮ ፡ ንዝብኢ ኮብክብ ኢልካዮ ፡ ዘይሰልጥ ፅዮ
—አህያን ስጋ ጭነህ ፡ ጅብን ጓዳ ብለህ ፡ የማይሆን ነገር

ንአድጊ አይጥዕሞን ሙዳር ፡ እንበለ ኩስታር
—አህያ ማር አይጥመውም ፡ ጥርግራጊ እንጂ

ንአድጊ ዘይከብዶስ ፡ ንመፅዓን ከበዶ ፡ አብዝ'ሎኻ ጋዶ
—አህያን ያልከበደው ፡ ለጠፈር ከበደው ፡ ጉድ ነው

ንአፈን ዘይብለን ዝቐርጠም ፡ ንርእሰን ሻሽ መጠምጠም
—ለአፋቸው የሚቆረጠም የሌላቸው ፡ ለፀጉራቸው መጠምጠሚያ ሻሽ

ንአፈኛ ሰብ ምምላስ ፡ ንትኳን ልጓም ምጉራስ
—ለአፈኛ ሰው ከመመለስ ፡ ለትኳን ልጓም ማጉረስ

ንኡስ ብጓል ቤት ፡ ዓቢ ብሰብ ቤት
—ልጅ በገረድ ፡ አዋቂ በባለቤት

ንኢሱኒ እንተበልኩስ ፡ ተቐርሚሙኒ
—አነሰኝ ስል ፡ ተቆረሰብኝ

ንኢታይ ፣ አባ ንጉስን
—ለማሆይ ፣ አባ ንጉሳቸው

ንኢድ ርሒቹ ፣ ንዓይኒ ጠሊቑ
—ለአጅ ርቆ ፣ ለአይን ጠልቆ

ንእመት ፣ ስድሪ አላታ
—ለክንድ ፣ ስንዝር አላት

ንእስነት ዕዳ
—ወጣትነት እዳ ነው

ንእስነትን ፣ ተስፋ ምሃብን ዓቢ ፣ ዕዳ
—ወጣትነትና ፣ ተስፋ መስጠት ፣ ትልቅ እዳ

ንእሽቶ መንጠቢት ፈላሒት ፣ አያ ዘይብላ ጓል ነባዒት
—ትንሽ ምንቸት ተፍለቅላቂ ፣ ወንድም የሌላት ልጅ አልቃሽ

ንእሽቶ ስምዕታ ፣ ሰማይ ይበፅሕ ጉበዓታ
—ትንሽ ስሞታ ፣ ሰማይ ይደርሳል እንባዋ

ንእሽቶ ስምዕታ ፣ ትፀንሕ እንዳጐይታ
—ትንሽ ስሞታ ፣ ትቆያለች በጌታ ቤት

ንእሽቶ ብቑለበት ፣ ዓቢ ብሽበት ፣ ኩላ ተአከበት
—ትንሽ በቀለበት ፣ ትልቅ በሽበት ፣ ሁሉም ተሰበሰበ

ንእሽቶይ ስጋ ፣ ከም መርፍእ ትወግእ
—ትንሽ ስጋ ፣ እንደ መርፌ ትወጋ

ንእኽሊ ፣ ጭሕሚ ይቕድሞ
—እህልን ፣ ጢም ይቀድመዋል

ንእግሩ ዝተፀየፈ ፣ ንመዓኩሩ ኣትረፈ
—ለእግሩ የተጠየፈ ፣ ለቂጡ ተረፈ

ንኽልቢ ብእግርኻ ምውቃዕ ፣ እንካ ስጋ ብላዕ
—ውሻን በእግር መምታት ፣ እንካ ስጋ ብላ ማለት

ንኽሳሲ ፣ የብሉን መላሲ
—ለከሳሽ ፣ የለውም መላሽ

ንኽብቲ ጓሳ ፣ ንማይ ገርሳ
—ለከብት እረኛ ፣ ለዝናብ ገሳ

ንኽብዳም ሰብ ፡ ፍቕሪ ኣይግድሶን
—ሆዳም ሰው ፡ ለፍቅር ግድ የለውም

ንኽብዶም ዘይረኽቡ መቕርጠሚ ፡ ዕዳጋ ወሪዶም ይገዝኡ መጠምጠሚ
—ለሆዳቸው የሚቆረጠም ያላገኙ ፡ ገበያ ወርደው መጠምጠሚያ ይገዛሉ

ንኽታሪ ኢድ የብሉ ፡ ንበቕሊ ውላድ የብሉ
—ዘራፊ እጅ የለው ፡ በቅሎ ልጅ የለው

ንኽታሪ ፡ የብሉን ፈጣሪ
—ዘራፊ የለውም ፈጣሪ

ንኹሕሊ ዝበልክዎ ንቕልዒ ፡ ንፍቕሪ ዝበልክዎ ንፅልኢ
—ለኩል ያልኩት ለአይን አር ፡ ለፍቅር ያልኩት ለጥል

ንኹሉ እንተሃብካዮ ነናቱ ፡ ሰብ ይሕጐስ እዝኒ ይፈቱ
—ለሁሉም የየራሱን ብትሰጠው ፡ ሰው ይደሰታል እግዚአብሔርም ይወዳል

ንኹሉ ፀላእየይ ኣይትበል ፡ ፀላኢ ከይተብዝሕ
—ሁሉም ጠላቴ ነው አትበል ፡ ጠላት እንዳታበዛ

ንኽልተ ደቅ'ኖ ኣይተዳሉ ፡ ንዝሃገሙ መሸላ ኣይትሓሉ
—ለሁለት የእናት ልጆች አታዳላ ፡ የጠወለገ ማሽላ አትጠብቅ

ንኽፍእቲ መዓልቲ ፡ የለኹልክን በላ
—ክፉን ቀን ፡ የለሁም በላት

ንወረ የብሉ ፍረ ፡ ንዕምባባ የብሉ ገለባ
—ለወሬ የለው ፍሬ ፡ ለአበባ የለው ገለባ

ንወደ'ቦ ግበረለይ ፡ ፀይቐለይ
—ለጠላት አድርግልኝ ፡ አበላሽልኝ

ንወደን ክንዲ ዘምርራ ፡ ንሰበይቲ ወደን የምርራ
—ልጃቸውን እንደማማረር ፡ ምራታቸውን ያማርራሉ

ንወዲ ሓዊ ፡ ሓዊ የውዕኦ
—የእሳትን ልጅ ፡ እሳት ያወጣዋል

ንወዲ ርስቲ ፡ ንጓል ገዝሚ
—ለወንድ ርስት ፡ ለሴት ጥሎሽ

ንወድኻ ፡ ሓደው ኣምሀሮ ፡ ሓደው ኣኽትሎ
—ልጅህን ወይ ኣስተምረው ፡ ወይ ኣስከትለው

ንዒሉድካ ከመይ ኣቢልካ ኣጥፋእካዮ ? ኣዕቢደ ፡ ከመይ ኣቢልካኽ መለስካዮ ? ኣባቢደ
—ልጅህን እንዴት ኣጠፋኽው ? ኣሳብኟ እንዴት ኣርገህ መለስከው ?

ኣባብዩ

ንዋሕሱ ዘየውዕእ ፡ ሞሕሚ ነየውዕእ
—ዋሱን የማያወጣ ፡ ጢም ኣያወጣ

ንዋሕስ ካዕበት ፡ ንዝብኢ ቁርበት
—ለዋስ ስፍር ፡ ለጅብ ቁርበት

ንዋጣ ዝዋጢ ፡ ኣይክዋጥን ከውጠጢ
—ኣዝማሪን የሚያሞግስ ፡ ሊዘፍን ሳይሆን ሊያውደለድል

ንዑቕ ፡ ኣይፍቶኻ
—የተናቀ ፡ ኣይውደድህ

ንዑቅ ይንዕቀካ መጠን ነፍሱ ፡ ሕፉር ይሓፍረካ መጠን ርእሱ
—የተናቀ ይንቅሃል እንደራሱ ፡ የታፈረ እንደራሱ ያፍራሃል

ንዑቕ ይንዕቀካ ፡ ጓህማም ይስሕቀካ ፡ ከይትቕድሞ ኢሉካ
—የተናቀ ይንቅሃል ፡ ወላቃ ይስቅብሃል ፡ እንዳትቀድመው ብሎ

ንዒቕም ዝሓደግዋ ዓድስ ፡ ግብሪ የብለይን ትብል
—ንቀው የተውዋት ኣገር ፡ ግብር የለኝም ትላለች

ንዓሻ ፡ መዓልትን ኣንውሓሉ ዕዳን ኣብዝሓሉ
—ለሞኝ ፡ ቀን ኣስረዝምለት እዳ ኣብዛበት

ንዓቀይታይ ምዕቃይስ ፡ ፀፀር ምቕርጣም
—ወታደርን መከተል ፡ ጠጠር መቆርጠም

ንዓሻ በዓቲ ኣይተርእዮ ፡ ገዛ መሲሉዎ ከይሓድር
—ለሞኝ ዋሻ ኣታሳየው ፡ ቤት መስሎት እንዳያድር

ንዓሻ ኣብ በይኑ ፅረፎ ፡ ናብ ኣደባባይ ባዕሉ ከሕልፎ
—ሞኝን ለብቻው ስደበው ፡ ራሱ ወደ ኣደባባይ እንዲያወጣው

ንዓሻ እንተመዓድካዮ ኣብ ልማዱ ፡ ንኣድጊ እንተሓፀብካዮ ኣብ ሓመዱ
—ሞኝን ብትመክረው ወደ ልማዱ ፡ ኣህያን ብታጥበው ወደ ኣመዱ

ንዓቢ ነገር ኣይትጉሃየሉ ፡ ንነዊሕ መንገዲ ኣይትጉየየሉ
—ለትልቅ ነገር ኣትፀፀትበት ፡ ለረጅም መንገድ ኣትሩጥበት

ንዓኻ ዝኣመነ ፡ ይድሕን
—እንተን ያመነ ፡ ይድናል

ንዓወት ፡ ፅንቢያ ትኽልክላ
—ለድል ፡ ሰምበሌጥ ትከለክላታለች

ንዓይ ክትሕሚ ፡ በሊዓ ትጠሚ
—እኔን ለማሳማት ፡ በልታ ትራባለች

ንዓይ ካሕሳ ፡ ንመንግስቲ አበሳ
—ለኔ ካሳ ፡ ለመንግስት አበሳ

ንዓይ ዝሀበኒ ፡ ንዓቕብ አፉ
—ለእኔ የሚሰጠኝ ፡ የተገላቢጦሽ

ንዓይ ዝፀውዐኒ ንስኺ እንታይ ኣምፅአኪ ? በላ ሰብ ንፅላሎት
—የጠራኝ እኔን አንቺን ምን አመጣሽ ? አለ ጥላውን

ንዓዲ ነልምዓዮ ኣተዓሻሺና ፡ ንዓዲ ነጥፍአዮ ተዋዚና
—አገርን እናልማው አባብለን ፤ አገርን እናጥፋው ቀልደን

ንዓዲ ባዕሊ አለዎ ፡ ንማይ ዓይኒ አለዎ
—ለአገር ባለአገር አለው ፡ ለውሃ ምንጭ አለው

ንዓዲ ዋና አለዎ ፡ ንማይ ዓይኒ አለዎ
—ለአገር ዋና አለው ፡ ለውሃ ምንጭ አለው

ንዓጥር ነበርና እሞ ፡ ዓዲ ዓጓት አይበፃሕናን
—እንሸረሙጥ ነበር ፡ ግን አዲ አጓት አልደረሰንም

ንዕልቲ ፡ ሕማም ኩሉ*ም*ቲ
—አዪት ፡ የመንጋጋ ህመም

ንዕርበት ፀሓይዶ ይምረቑሉ በለ ዒሉ
—ፀሃይ ስትጠልቅ ምኑን ተመረቅኩ አለች ውርንጭላ

ንዕቀት መሓዛ ፡ መዓልቲ ዋዛ ፡ ለይቲ ቓንዛ
—የጓደኛ ንቀት ፡ ቀን ዋዛ ሌት ስቃይ

ንዕቀት መሓዛ ፡ እናሓደረ ቓንዛ
—የጓደኛ ንቀት ፡ እያደረ ይጠዘጥላል

ንዕውር ይጠቓቐስሉ ፡ ንፀማም ይሾኻሸኹሉ
—በእውር ይጠቃቀሱበታል ፡ በደንቀሮ ይንሾካሾኩበታል

ንዘለዎ ፡ ከመዓልካ ይብልዎ
—ያለውን ፡ እንደምንዋልክ ይሉታል

ንዘመስከርዎስ ያአይ ፡ የዕልልዎ
—የሚያስመሰክሩትን ፡ ያዋሩታል

ንዘረባ መላሊስካ ፡ ንዓውዲ ደጋጊምካ ፡ ሓቁ ይፍለጥ
—ንግግርን መላልሰህ ፡ አውድግን ደጋግመህ እውነቱ ይታወቃል

ንዘረባ አስተውዒልካ ፡ ንእኽሊ ኣኽምሲዕካ
—ንግግርን አስተውለህ ፡ እህልን አላምጠህ

ንዘይሀቡኻ የወፃውኑኻ ፡ ንዘየሳኽሙኻ የጣምሩኻ
—ላይሰጡህ ያጓጉሃል ፡ ላያሻክሙህ ያስተሳስሩሃል

ንዘይመሓዛኻ ፡ ኣይትኣብድ
—እኩያህ ያልሆነን ፡ አታባብል

ንዘይመውት ፡ ፈውሲ አለዎ
—የማይሞት ፡ መድሃኒት አለው

ንዘይበልዖ ፡ ሓሪዱ ገደፎ
—ላይበላው ፡ አርዶ ተወው

ንዘይብሉ ፡ እንታይ ተልዕለሉ
—ለሌለው ፡ ምን ትለው

ንዘይብሉ ዝፀርፍ ፡ ነቡኡ ከዕርፍ
—የሌለውን የሚሰድብ ፡ አባቱን ያሰድብ

ንዘይተምልጠኒ ፡ ንምንታይ ተጉይየኒ
—ላታመልጠኝ ፡ አታሩጠኝ

ንዘይትገድፎ ፡ አቐዲምካ ደግፎ
—የማትተወውን ፡ አስቀድመህ ደግፈው

ንዘይአፍካ ፡ ሑፃ ቈሓመሉ
—በሰው አፍ ፡ አሸዋ ቃምበት

ንዘይኩርምትኻ ፡ ሑፃ ሕየኽሉ
—በሰው መንጋጋ ፡ አሸዋ አኝክበት

ንዘይኽእሎስ ፡ ልጓም የንጠልጥሎ
—ለማይችለው ፡ ልጓም ያንጠልጥለው

ንዘይኮነካ ዘመድ ፡ ግንዘብካ አይትሰደድ
—ላይሆንህ ዘመድ ፡ ገንዘብህን አትስደድ

ንዘይገልባ ፡ ሐሸሽ አብለስን
—ለማይጋልቡ ፡ አንኰሻኩሽላቸው

ንዘይፈልጦ ፡ ሜስ የጥርጦ
—ለማያውቀው ፡ ጠጅ ያስፈሳው

ንዝሓለፈ ምህለላ ፡ ዳርጋ ጓይላ
—ላለፈ ምህላ ፡ እንደ ጭፈራ

ንዝሓለፈ ፀሎት ፡ ንዝሞተ ማይጨሎት
—ላለፈ ፀሎት ፡ ለሞተ ጠበል

ንዝምለሱስ ፡ ይኸዱ
—ሊመለሱ ፡ ይሄዳሉ

ንዝሞተ ቄርበቱ ፡ ንዝጠፍአ አውያቱ
—ለሞተ ቁርበት ፡ ለጠፋ ጩኸት

ንዝሞተ አይትረስዕ ፡ ንዝወደቐ አተንስእ
—የሞተ አትርሳ ፡ የወደቀን አንሳ

ንዝረአይሱ ይዛረቡሱ ፡ ንዘይብሉ ይቃናጠውሱ
—ላዩለት ይናገሩለታል ፡ ለሌለው ይጠቃቀሱበታል

ንዝቐተለ ጐፈሬ ፡ ንዘረጋገፀ ወሬ
—ለገደለ ጐፈሬ ፡ ላረጋገጠ ወሬ

ንዝብኢ ኪወግኡ ፡ አድጊ ይፅግዑ
—ጅብን ለመውጋት ፡ አህያን ማጠጋት

ንዝደቀሰ አንበሳ ፡ አተንስኡዩ ላም ልሒሳ ልሒሳ
—የተኛን አንበሳ ፡ ቀስቀሰችው ላም ልሳ ልሳ

ንዝጠፍአ ወረ ፡ ካብ አንስቲ ድለዮ
—የጠፋን ወሬ ፡ ከሴቶች ፈልግ

ንዝገበረልካ ግበረሉ ፡ ሓደው ንገረሉ
—ላደረገልህ ወይ አርግለት ፡ ወይ ንገርለት

ንዝጊ እንተበልካ ክብ ክትብል ፡ ንሰብ እንተበልካ ግብ ክትብል
—ለእግዚአብሔር ካልክ ክፍ ትል ፡ ለሰው ካልክ ድብን ትል

ንዝፈትዎን ሓቒፉ ፡ ንዝፀልኡን ነቒፉ
—የሚወደውን አቅፎ ፡ የሚጠላውን ነቅፎ

ንደሓር እትደልዮ ግራትካ ፡ ኣድረ ሽንፋእ ኣይትዝርኣዮ
—ወደፊት የምትፈልገውን ማሳ ፡ ሰናፍጭና ፈጦ አትዝራበት

ንደማኺ ፡ ወይ ግበረሉ ወይ ንገረሉ
—ለባለውለታህ ፡ ወይ ንገርለት ወይ አድርግለት

ንደርሆስ ብመፅዓን ! ወይ ውራይ ምስእን
—ዶሮን በመጫኛ ! ወይ ስራ ማጣት

ንደንቆሮ ይተሓሻሾኹሉ ፡ ንዕውር ይጠቓቐስሉ
—በደንቆሮ ይንሾካሾኩበታል ፡ በእውር ይጠቃቀሱበታል

ንዳኛ ዳኛ አለዎ ፡ ነንበሳ ተኹላ አለዎ
—ለዳኛ ዳኛ አለው ፡ ለአንበሳ ተኩላ አለው

ንዶት ፡ ምድሪ ከይረፈደት
—ድህነት፡ ገና ሳይነጋ

ንድሕሪት ምሕራስ ፡ ደርሆ ይ'ኸእሉ
—ወደኋላ ማረስ ፡ ዶሮ ያውቅበታል

ንድሙን ፀወታ ፡ ነንጭዋን ፃዕረ መታ
—ለድመት ጨዋታ ፡ ለአጥይ ጣረ ሞቷ

ንድኻ ፡ ሞት ይቐርቦ
—ለድሃ ፡ ሞት ይቀርበዋል

ንድኻስ ፡ ደርሆ ትፀድፎ
—ድሃ ፡ ዶሮው ገደል ትገባበታለች

ንነለን ልደቶም ፡ ንነለን ስደቶም
—ለአንዱ ልደቱ ፡ ለሌላው ስደቱ

ንገረለይ ሕለኸለይ ፡ ኣፀብቐለይ ፀይቐለይ
—ንገርልኝ ማለት አጣምብኝ ፡ አሳምርልኝ ማለት አበላሽብኝ

ንጉራሕ ቢሎም ይእከቡ ፡ ንቐኑዕ ይፈርዱ
—ለተንኰለኛ ብለው ይሰበሰባሉ ፡ ለቅን ይፈርዳሉ

ንጉራሕ ጉራሕ ይፈልጦ ፡ ንቁርበት ዕንቱለ ይመልጦ
—ብልጥን ብልጥ ያውቀዋል ፡ ቁርበትን እምቧይ ይመልጠዋል

ንግባር መጋብርቱ ፣ ንድጉሪ መፋግእቱ
—ለገበሬ አብሮት የሚገብር ፣ ለድግር አብሮት የሚሰነጠቅ

ንግባር ፅቡቕ እንተገበርካሉ ፣ ሰብ ይሕጮስ እዝኒ ይፈቱ
—ለደግ ደግ ብትሰራለት ፣ ሰው ይደሰታል ፣ እግዚአብሔር ይወዳል

ንገድ ነጋዳይ ፣ ሕረስ ሓረስታይ
—ነጋዴ ነግድ ፣ ገበሬ እረስ

ንጮዱ በለ ሓንካስ
—እንሮማለን አለ አንካሳ

ንጉስ ሓላው ዜጋ ፣ አሞራ ሓላው ስጋ
—ንጉስ ዜጋ ጠባቂ ፣ አሞራ ስጋ ጠባቂ

ንጉስ ሓቂ እንተዝፈርድ ፣ አቦይ እዝኒ ሰነ እንተዚነጉድ
—ንጉስ ሃቅ ቢፈርድ ፣ እግዚአብሔር በሰኔ ቢያንጐዳጉድ

ንጉስ ምስ ፀረየልካ ተናገር ፣ ማይ ምስ ዛረየልካ ተሳገር
—ንጉስ ሲታወቅ ተናገር ፣ ዝናብ ሲያባራ ተሻገር

ንጉስ ሰማይ ክሳብ ዝረድእ ፣ ንጉስ ምድሪ ይጐድእ
—የሰማይ ንጉስ እስከሚረዳ ፣ የምድር ንጉስ ይጐዳ

ንጉስ ርኢኻ ጥራዕ ፣ ማይ ርኢኻ ዝራእ
—ንጉስ አይተህ ክሰስ ፣ ዝናብ አይተህ ዝራ

ንጉስ ብመንግስቱ ፣ ጐበዝ ብሰበይቱ ፣ ገባራይ ብርስቱ
—ንጉስ በመንግስቱ ፣ ጐበዝ በሚስቱ ፣ ገበሬ በርስቱ

ንጉስ ንነጋሲኡ ፣ ቤተ ክርስቲያንን ቐዳሲኡ
—ንጉስ ለነጋሹ ፣ ቤተ ክርስቲያን ለቀዳሹ

ንጉስ ንዛይኤ ፣ አቡን ንኹነኤ
—ንጉስ ለብያኔ ፣ አቡን ለኩነኤ

ንጉስ ንዝፈትዎ ይጐንፅ ፣ ታቦት ንዘገልግል የፅንፅ
—ንጉስ ለሚወደው ይረዳል ፣ ታቦት ለሚያገለግለው ያየናል

ንጉስ አብ መንግስቱ ፣ ገባራይ አብ ርስቱ
—ንጉስ በመንግስቱ ፣ ገበሬ በርስቱ

ንጉስ አብ ሰቐላኣም ፣ ዓደ'ቦ አብ መሞናኣም
—ንጉስ በሰቀላ ፣ አገሬው በዛፍ ጥላ ስር

ንጉስ አይአዝዝ ፡ ማይ አይሓንዝዝ
—ንጉስ አይዘዝ ፡ የሚጐዳ ዝናብ አይዝነብ

ንጉስ እንተረአኸስ ፡ ጥራዕ ጥራዕ ይመፀኒ
—ንጉስ ሳይ ፡ ክሰስ ክሰስ ያሰኘኛል

ንጉስ እንታይ ይደሊ ? ዓራት ፡ ሓረስታይ እንታይ ይደሊ ? ግራት
—ንጉስ ምን ይፈልጋል ? አልጋ ፤ ገበሬ ምን ይፈልጋል ? ማሳ

ንጉስ እንክቐጣዕ ፡ ቀሰይ ኢልካ ውዓእ
—ንጉስ ሲቆጣ ፡ ቀስ ብለህ ውጣ

ንጉስ ከይሰምዑ ምእዛዝ ፡ ከይ ቀሸሹ ምንዛዝ
—ንጉስ ሳይሰሙ መታዘዝ ፡ ሳይቀስሱ ማናዘዝ

ንጉስ ካብ ዝሞቱ ፡ ብመን ይማሳቱ
—ንጉስ ከሞቱ ፡ በማን ይሟገቱ

ንጉስ ክትረክብ ተናገር ፡ ውሕጅ ክዛሪ ተሻገር
—ንጉስ ስታገኝ ተናገር ፡ ወንዝ ሲጐድል ተሻገር

ንጉስ ዘለዎም እናህብ መሳር ይገብሩ ፡ ንጉስ ዘይብሎም ፀናዑ ኣብ ጐደፍ የንገርግሩ
—አውራ ያላቸው ንቦች ማር ይሰራሉ ፡ አውራ የሌላቸው ዝንቦች በቆሻሻ ላይ ይንከባለላሉ

ንጉስ ዘለዎም እናህብ መሳር ይጐርሱ ፡ ንጉስ ዘይብሎም ፀናዑ ግምቢ ይልሕሱ
—አውራ ያላቸው ንቦች ማር ይጐርሳሉ ፡ አውራ የሌላቸው ዝንቦች ጥምብ ይልሳሉ

ንጉስ ዘይሓዝካሉ አይገንዘብካ ፡ እዝጊ ዘይሓዝካሉ አይነፍስካ
—ያለ ንጉስ ገንዘብ አይደል ፡ ያለ እግዚአብሔር ነፍስ አይደል

ንጉስ ዘይብልኩም አይትግሹ ፡ ሰበይቲ ዘይብልኩም አይትሕረሱ
—ንጉስ ሳይኖርዎት ካገር አይውጡ ፡ ሚስት ሳይኖርዎ አይረሱ

ንጉስ ዝፈርዶን ፡ ጥንስቲ እትወልዶን አይፍለጥን
—ንጉስ የሚፈርደው ፡ እርጉዝ የምትወልደው አይታወቅም

ንጉስ የናብር ፡ ፍትሒ ይሕብር
—ንጉስ ያስተዳድራል ፡ ፍትህ ይመራል

ንጉስ ይብይን ፡ ሕማም ይዕይን
—ንጉስ ይበይናል ፡ ህመም ያበላሻል

ንጉስን ህበይን ፡ ባዕሉ ይኽምር ፡ ባዕሉ ይብትን
—ንጉስና ዝንጀሮ ፡ ራሱ ይከምራል ፡ ራሱ ይበትናል

ንጉስን ጳጳስን ፡ ታቦትን ማሕረስን
—ንጉስና ጳጳስ ፡ ታቦትና አገመራ

ንጊላኻ ካብ ዘይትመልኮ ፡ ኣብ ቅድሚ ሰብ ኣይትልኣኮ
—የማታዘው ኣሽከርህን ፤ ሰው ፊት ኣትላከው

ንጓል ተሓጺኺ በላ ፡ ንመሸላ ተፃሂኺ በላ
—ልጃገረድን ታጨሽ ፡ ማሽላን ታረምሽ በላት

ንጓል ተሓጺኺ በላ ፡ ንስገም ክትዕዐዲ ኢኺ በላ
—ልጃገረድን ታጨሽ ፡ ገብስን ትታጨዳለሽ በላት

ንጓል ፡ ወዲ ዓዲ ይሕዐያ
—ልጃገረድን ፡ ያገር ልጅ ያጫታል

ንጓል ፡ ወዲ ዓዳ የሕዕያ
—ልጃገረድን ያገሯ ልጅ ያሳጫታል

ንጓልን ኣድግን ኣይትንሓፍ ፡ በለ መፅዓን
—ሴት ልጅንና አህያን ፡ ችላ አትበል አለ መጫኛ

ንጋሻኻ እተቕርበሉ ሰኣን ፡ ይብል ሕሱም ረጋሚ
—ለእንግዳህ የምታቀርብለት እጣ ፡ ይላል መጥፎ ተራጋሚ

ንጋውናሲ ፡ ፀም እንተበልዎ ጥንቅሊት ኮይኑ ሰተየ
—ገመሬ ዝንጀሮን ፡ ፀም ቢሉት ፡ ተንጋሎ ጠጣ

ንጉሆ ዘይትስእሲ ፡ ሓደ እግሩ ደገ ይሓድር
—ማለዳ የማይነሳ ፡ አንድ እግሩ ውጭ ያድራል

ንግራት ዓረሞ ደረቱ ፡ ንነገር ፊፅሚ ደረቱ
—ለማሳ ድንበር ፡ ለነገር ፍጥም ወሰኑ

ንጉራዴ ፡ በውላጋኣ ዝሓዛ ይመልካ
—ጐራዴን ፡ እጅታዋን የያዘ ያሸንፋል

ንጣይታ ብሽሮ ፡ ንትልሂት ብኽበሮ
—ለእንጀራ ሽሮ ፡ ለጭፈራ ክበሮ

ንጥሙይ ቅጫ ፡ ንፅሙእ ዋንጫ
—ለተራበ ቂጣ ፡ ለተጠማ ዋንጫ

ንጥንቲ ዝኽውን ምኽር ፡ ንስኒ ዝኽውን ንኽስ
—ለሁልጊዜ የሚሆን ምክር ፡ ለጥርስ የሚሆን ንክስ

ንጥዕምቲ ብኽያት ፡ ቅብጥርጥር ትዕይቓ
—ጥሩ ለቅሶን ፡ መቀባጠር ያበላሸዋል

ንጥዕምቲ ፀወታ ፡ ሃበኒ ፀየቐታ
—ጥሩ ጨዋታን ፡ ስጠኝ አበላሸው

ንጥዕና አይገብርዎ ሃብቲ ፡ ንመጥሓን አይገብርዎ ኩብቲ
—ሃብት ጤና አይሆን ፡ ኩበት ወፍጮ አይሆን

ንጥዕና አይገብርዎን ሃብቲ ፡ ንአድኂ አይብልዎን ኩብቲ
—ጤናን አያያዟትም ሃብት ፡ አሀያን አይሉትም ኩበት

ንፀብሒ ሕዘነሉ ፡ ሓደሓደ ጊዜስ ካብ ደረቕ ኮልሰሉ
—ለወጡም እዘንለት ፡ አንዳንዱም ከደረቁ ጉረስለት

ንፀብሒ መን ይፈልጦ ? መንቀላወጢ
—ወጥን ማን ያውቀዋል ? ቀላዋጭ

ንፀዋይ ሓቂ ፡ አይብልዎን መማረሪ
—ሃቅን የሚያወራ ፡ አማራሪ አይባልም

ንፅሕፃሕ እግሪ አልዒልካሉ ፡ ንኽልቢ ሃዲምካሉ ፡ እቲ አይዕገስ እቲ አይምለስ
—ለቅዘን እግር ካነሱለት ፡ ለውሻ ከሮጡለት ያኛው አይታገስ ያኛው አይመለስ

ንፅብሓት ተዋግአላ ፡ ንአየት ተፋተወላ
—መከርን ተዋጋላት ፡ ፀደይን ተወዳጅላት

ንያም አርብዓ ፋሲካ ደረቱ ፡ ንእኽሊ ምህርቲ ደረቱ
—የአርባ ያም ወሰኑ ፋሲካ ፡ የእህል ወሰኑ ምርት

ንያም አርብዓ ፋሲካ ደረቱ ፡ ንግራት ዓረሞ ደረቱ
—የአርባ ያም ወሰኑ ፋሲካ ፡ የማሳ ወሰኑ ድምበር

ንያም ግድፈቱ ፡ ንበዓል ስዕረቱ
—ለጦም ግድፈት ፡ ለበአል ሽረት

ንፈላሲ ዳዊት ፡ ንሐፈስታይ ነዊት ፡ ንቁልዓ ሰዊት
—ለመንኩሴ ዳዊት ፡ ለገበሬ ሞፈር ፡ ለልጅ እሸት

ንፈላጥ ነገር አይትፈልጠሉ ፣ ንለባም አይተንጉሓሉ
—ለአዋቂ ነገርን አታውቅለት ፣ ለብልህ ነገርን አታብራራለት

ንፈላጥ አይትፍለጠሉ ፣ ንበሊሕ አይትቹረፀሉ
—ለአዋቂ አትወቅበት ፣ ለሹል አትቁረጥበት

ንፈላጥ አይትፍለጠሉ ፣ ንአማቲ አይትሰድረሉ
—ለአዋቂ አትወቅለት ፣ ለለኪ አትሰንዝርለት

ንፈራሕ ፣ ሜዳ አይኸልእዎን
—ፈሪን ፣ ሜዳ አይከለክሉትም

ንፈራሕ አንበሳ ፣ ንንፋግ ጋሻ
—ለፈሪ አንበሳ ፣ ለንፉግ እንግዳ

ንፈታዊ ፣ ወይ ግበረሉ ወይ ንገረሉ
—ለወዳጅ ፣ ወይ አድርግለት ወይ ንገርለት

ንፉዕ ሕማቕ እንተወለደ ተዘምተ ፣ ሕማቕ ንፉዕ እንተወለደ ተቐልተ
—ጀግና ሰነፍ ከወለደ ተጐዳ ፣ ሰነፍ ጀግና ከወለደ ተካሰ

ንፉዕ ቢሎም የብዕሑኻ ናብ ደም ፣ ሕማቕ ቢሎም የብዕሑኻ ናብ ሀደም
—ጐበዝ ብለው ወደ ደም ያደርሱሃል ፣ ሰነፍ ብለው ይሸሹሀል

ንፉዕ አይትኹን ፣ ሓው ንፉዕ ኩን
—ጀግና አትሁን ፣ የጀግና ወንድም ሁን

ንፉዕ ካብ ምኻን ፣ ሓው ንፉዕ ምኻን
—ጀግና ከመሆን ፣ የጀግና ወንድም መሆን

ንፉዕ ወይ ምስ ሞት ፣ ወይ ምሰልገሰ ይዝከር
—ጀግና ወይ ሲሞት ፣ ወይ ሲርቅ ይታወሳል

ንፉዕ ይሕመ ፣ ዕባራ ይግመ ፣ በዓል ሙያ ይስመ
—ጀግና ይታማል ፣ ከሲታ ወለም ይለዋል ፣ ባለሞያ ይታወቃል

ንፉስ አህሪምካ ፣ ንሰብ አስሚዕካ
—ነፉስ አስመትተህ ፣ ሰውን አሰምተህ

ንፉስ ክለዓል ፣ ሓዊ አይዕሕርዎን
—ነፉስ ሲነሳ ፣ እሳት አይጭሩ

ንፉስን ገብስን ፣ ተኸፋላይ
—ነፉስና ገብስ ፣ ይለያያል

ንፋስ ዘይብሉ ዓውድን ፡ ሽማግለ ዘይብሉ ዓድን ዋጋ የብሉን
—ነፋስ የሌለው አውድማ ፡ ሽማግሌ የሌለው መንደር ዋጋ የለውም

ንፍቅሪ ትፈልጣ እግሪ ፡ ሰዓል ትገልፃ ንፍግሪ
—ፍቅርን እግር ያውቀዋል ፡ ስርቆትን ሳል ያጋልጠዋል

አ

ኢራን ሰለባን ፡ ነንሕድሕደን ይቃረባ
—ኢራንና ሰለባ ፡ እርስ በርሳቸው ይቀራረባሉ

ኢንታኻ ካብ ቤትካ ፡ ምኽንያት ካብ ባዕልኻ
—እንከን ከቤትህ ፡ ምክንያት ከራስህ

ኢደይ ብኢደይ ቆረፅኩ ፡ መልሓሰይ ብስነይ ነኽስኩ
—እጄን በእጄ ቆረጥኩ ፡ ምላሴን በጥርሴ ነከስኩ

ኢድ ሒዞም ዝኣተውዎ ፡ ኢድ ሒዞም ይወፅዎ
—እጅ ይዘው የገቡበት ፡ እጅ ይዘው ይወጡበት

ኢድ ቄልዓ ፡ ጠላዕ
—የሕፃን ልጅ እጅ ፡ ለማጣ

ኢድ ካብ ዝነድድ ፡ ልቢ ይንደድ
—እጅ ከሚነድ ፡ ልብ ይንደድ

ኢድ ፀናሒት ፡ ሸናሒት
—እጅ ፡ የእጇን ታግኛለች

ኢድካ፡ ሓሊፉ ትፅናሕካ
—እጅህ ፡ አልፋ ትጠበቅህ

ኢድካ ሓሊፉ ከይትፀንሓካ ፡ አይትበድል ተቓዳዲምካ
—የእጅህ አልፋ እንዳትቆይህ፡ተሸቀዳድመህ አትበድል

ኢድካ አብ ቀላይ ምስስ ፡ እንተረኽብካ ዓሳ ትሕዝ ፡ እንተሰአንካ ተሓጺ ብካ ትወፅእ
—እጅህን ባህር ውስጥ ክተት ፡ ካገኘህ አሳ ትይዛለህ፡ካጣህ ታጥበህ ትወጣለህ